

# ዘገርም ምድሓን ኣምላኽ።

# ትሕዝቶ

1 መእተዊ......................................................................................2

2 ቃል ኣምላኽን መንገዲ ኣምላኽን ...............................................................3

3 ፍጥረት ኣምላኽ................................................................................7

4 ናይ እግዚኣብሄር  ፍጹም ሰናይነት...........................................................8

5 ኣምላኻዊ ፍጹም ፍትሒ ......................................................................13

6 ናይ እግዚኣብሄር ዘደንቕ ፍቕሪ...............................................................16

7 የሱስ ዘድሕነና ኣምላኽ እዩ ...................................................................18

8 የሱስ ዝገበሮ ኩሉ ንኣና እዩ...................................................................21

9 ኣብ ንየሱስ ምእማን ዘሎ ምቑሉልነት .........................................................25

10 ገነትን ገሃነምን................................................................................28

11 መሰእዋትን ሕግን.............................................................................30

12 ትንቢትን ጵላሎትን............................................................................33

13 ኣዳምን ሄዋንን ................................................................................35

14 ቃየልን ኣቤልን ................................................................................36

15 ካብ ለምጺ እንመሃሮ ትምህርቲ...............................................................37

16 ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ክልተ ዓይነት ህዝቢ.................................................41

17 ዘድልየና ምፍላጥ .............................................................................43

18 ምድሓን እግዚኣብሄር ንኹሉ ተዳሊዩ ኣሎ...................................................47

# 1 መእተዊ

መልእኽቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ወይ ከኣ ወንጌል [ጥዑም ብስራት] ክትርድኦ ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ብኽምዚ ዝስዕብ ኣሕጺርና ክንርእዮ ንኽእል።
እግዚኣብሄር ንኹሉ ብጣዕሚ ጽቡቅ ጌሩ እዩ ዝፈጠሮ፣ ግናኸ ሕማም፡ ሞት፡ ስቓይን ቃንዛን ውጺኢት ናይ ሓጢኣትና እዮም። ሓጥያት[ ምጥሓስ ሕጊ ወይ በደል] ማለት ምስ ናይ እግዚኣብሄር መዐቀኒታት ጽድቂ ብምውድዳር ወዲቕና ክንርከብ እንከለና ማለት እዩ። እዚ ማለት ብኹሉ መገዲን ኣብ ኩሉ እዋንን ሰናይ ወይ ጽቡቕ ምኽንን ምግባርን ክንሰእን ከለና ማለት እዩ። ኩሉና ደቂ ሰባት ብባህሪና ሓጥኣን ኢና፣ ኩሉ ብግብርና እንሰርሖ ስራሕ ብዝኾነ ይኹን ምድሓን ከምጽኣልና ኣይክልን እዩ።
እግዚኣብሄር ቅዱስ እዩ፡ እዚ ማለት ኣብ ኩሉ ባህሪኡ ፡ጠባዩ፡ ተግባሩን ቃላቱን ፍሉይን ፍጹምን ንኡድን እዩ። ባህሪ እግዚኣብሄር ፍጹም ፍቅሪ እዩ፣ ግናኸ ፍጹም ጽድቅን ፣ ፍጹም ፍትሓዊ ዝኾነ ባህሪ ስለዘለዎ ድማ፣ ንሓጥያትና ሸለል ኢሉ ኪርኢ ኣይክእልን። እዚ ፍጹም ፍትሓዊ ኣምላኽ ድማ ኣንጻር ሓጢኣትና ኪፈርድ ይግባኦ እዩ።

እግዚኣብሄር ፈቃርን ምሕረተኛን ስለ ዝኾነ ንኣና [ ንደቂ ሰብ ] ብጣዕሚ ዓቢ ነገር እዩ። ካብዚ ፍቕሩን ምሕረቱን ዝተለዕለ ንሓደ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ፡ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ ፡ ብዘይ ሓጥያት ኮይኑ ኣብዚ ምድሪ ይነብር ኔይሩ ስለዚ ኣብ ክንዳና ኮይኑ ነቲ ፍትሓዊ ፍርዲ ኣምላኽ ኪቕበል ብቑዕ ኮይኑ። ቃላት ኪገልጾ ካብ ዝኽእል ስጋዊ ስቃይ ንላዕሊ ቡዙሕ ተሳቅዩ፡ ሓጥያትና ኣብ ስጋኡ ጸይሩ፡ ሂወቱ በጃ ኹልና ንመስዋእቲ ኣሕሊፉ ሂቡ። የሱስ ንሓጥያት ክብል ሞይቱ፡ ተቐቢሩ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ካብ ሞት ተንሲኡ። እዚ ኹሉ ዝገበሮ ንኣና ንደቂ ሰብ ስለዝኾነ፡ሓጥኣን ምኻንና ፈሊጥና ናብ የሱስ እንተ መጺና፡ ብእምነት ንሱ ኣብ ክንዳና ከም ዝሞተን ከም ዝተንስኤን ብዘይ ዝኮነ ቅድመ ኩነት እምነትና ኣብቲ ፍቁር መድሓኒ እንተ ገበርናዮ፡ ይቕሬታ ናይ ሓጢኣትና ካብ እግዚኣብሄር ክንቅበል ኢና። ካብ ገሃነም ክነምልጥ እና፡ ከምኡውን ዘልኣለም ሂወት፡ ፍጹም ሰላምን ሓጎስን ኣብ ሰማይ [ ገነት] ፣ ካብ ሞት ሕማም፡ ቃንዛን ሓጢኣትን ነጻ ንኸውን።
እዛ መጽሓፍ እተርእዮ፡ ንእሽቶ ክፋል ካብቲ እግዚኣብሄር ኣብ ሙሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ብቐጻልን ብሰፊሕን ብዛዕባ መልእኽቲ ምድሓን እተዛረቦ እዩ። ነዚ ንምብራህ ድማ 80% ካብ ትሕዝቶኣ ጥቅስታት መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። እዘን ጥቅስታት ድማ ካብ 32 መጽሓፍቲ ናይቲ ቡሉይ ኪዳን ዝብሃል 39 መጽሓፍቲ ከምኡውን ካብ 23 መጽሓፍቲ ናይቲ ሓድሽ ኪዳን ዝብሃል 27 መጽሓፍቲ ዝተወስደ እዩ። እዘን ጥቅስታት እዚኣተን ሓንሳብ ምስተጠቕሳ ኣይተደግማን።

ብሉይ ኪዳን ምስ'ቲ ናይ ኣይሁድ ታናክ [ tanakh] ዝብሃል ቅዱስ ጽሑፍ ማዕረ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ምልእኽቲ ምድሓን ኩሉ ሐደ እዩ። ሓድሽ ኪዳን ምስ ናይ ብሉይ ኪዳን ለውጢ የብሉን። የግዳስ ናይ እግዚኣብሄር ምድሓን ኣብ ቡሉይ ኪዳን ተስፋ ዝነበረ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ፍጻመ ረኺቡ። ነዘን ነጥብታት ንምብራህ እዛ ንእሽቶ

መጽሓፍ ጽሑፋት ብሉይ ኪዳን ብሰማያዊ ሕብሪ ጽሑፋት ሓድሽ ኪዳን ድማ ቀጠልያ ሕብሪ ኣለዋ።

## 2 ቃል ኣምላኽን መንገዲ ኣምላኽን

- መጽሓፍ ቅዱስ ብኢድ ቡዙሓት ሰባት እዩ ተጻሒፉ፡ ኣብ መወዳእታ ግን በዓል ቤቱ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ።
  - እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ። 2 ጢሞ 3፡16
  - ሰብ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ብዚወጽእ ኵሉ ነገር ደኣ እምበር፡ ብእጌራ ጥራይ ከም ዘይነብር ምእንቲ ኼፍልጠካ፡ ንሱ ኣዋረደካ፡ ኣጥመየካ፡ ንስኻ ዘይፈለጥካዮ ኣቦታትካውን ዘይፈለጥዎ ማና ኸኣ ኣብልዓካ። ዘዳ 8፡ 3
  - ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን። 2ጴጥ 1፡21

- ናይ እግዚኣብሄር ሓይልን ምስትውዓልን ልዕሊ ምርዳእና [ኣተሓሳስባና] እዩ።
  - ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እንሆ፡ በቲ ዓብዪ ሓይልኻን በቲ ዝርጉሕ ቅልጽምካን ዘይከኣለካ ነገር የልቦን። ኤር 32 ፡17
  - ኲሉ ኽም እትኽእል፡ ነቲ ዝመደብካዮ ኸኣ ዚኽልክለካ ኸም ዜልቦን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። እብ 42፤ 2

  - ቍጽሪ ኸዋኽብቲ ይቘጽር፣ ንዅላቶም በብስሞም ይሰምዮም። ጐይታና ዓብዪ እዩ፣ ሓይሉ ብርቱዕ እዩ፣ ምስትውዓሉ ወሰን የብሉን። መዝ 147፤ 4 - 5

- እግዚኣብሄር ኣብ ዘመናት ኩሉ ቃሉ ንኽዕቅቦ ቡቑዕ ሓይሊ ኣለዎ፡ ቃሉ ሓቂ'ዩ መኣረምታውን ኣይደሊይን እዩ።
  - ቃላት እግዚኣብሄር ጽሩይ ቃላት እዩ፣ ብመምከኺ መርየት ዝጸረየ፣ ሾብዓተ ሳዕ እተኾልዔ ብሩር እዩ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ክትሕልዎም፣ ካብዚ ወለዶ እዝስ ንዘለኣለም ክትዕቅቦም ኢኻ። መዝ 12፤ 6 –7
  - ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል፡ ቃል ኣምላኽና ግና ንዘለኣለም ይነብር። ኢሳ 40 ፡ 8
  - ዎ እግዚኣብሄር፣ ቃልካ ንዘለኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ። መዝ 119፤ 89
  - ንዘለኣለም ከም ዝመስረትካዮ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረ ብምስክራትካ ፈለጥኩ። መዝ 119 ፡ 152

- ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ። ማቴ 24፤ 35
- ብህያው ንዘለኣለም ብዚነብር፡ ካብ ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም፡ 1 ጴጥ1 ፤23
- ሕጂ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ንስኻ ኣምላኽ ኢኻ፡ ዘረባኻውን ሓቂ እዩ፡ እዚ ጽቡቕ ነገር እዚውን ንባርያካ ኣተስፎኻዮ። 2 ሳሙ7፤28
- ብዘሎ ቓልካ ሓቂ እዩ። መዝ 119፤ 160

❖ ፍርዲ ኣምላኽ ብዛዕባ መጻኢና ክሳዕ ዘላኣለማውነት ክቅጽል እዩ፡ እግዚኣብሄር ድማ እቲ ቅኑዕ ክንመርጽን ምስኡ ክንከውንነ'ዩ ዝደሊ።

- ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሩኡውን ፍርዲ እተሰርዖ…እብ 9፣ 27
- ብዘሎ ቓልካ ሓቂ እዩ፣ ኵሉ ፍርዲ ጽድቅኻ ድማ ንዘለኣለም ይነብር። መዝ 119 ፤160
- ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፡ …. ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። እብ 6 ፤2
- ብልቡ ዚእመን ዓሻ እዩ፡ ብጥበብ ዚመልለስ ግና የምልጥ። ምሳ 28፤26
- ጠቢብ ይፈርህ ካብ እከይ ድማ ይርሕቕ፡ ዓሻ ግና ደፋርን ኣማኒ ርእሱን እዩ። ምሳ 14 ፤16
- ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፡ ገርህታት ግና ህሩጉ ይብሉ እሞ ብእኡ ይጕድኡ። ምሳ 22፤ 3
- ትእዛዝ ዚሕሉ ነፍሱ ይሕሉ፡ መገዱ ሸለል ዚብል ግና ይመውት። ምሳ 19 ፤ 16
- እቲ ተግሳጽ ዚኣቢ ንነፍሱ ይንዕቃ። ምሳ 15 ፤32
- ንሰብ፡ ብዘላ ዓለም ረቢሑ፡ ንፍሱ እንተ ኣጥፍኤ፡ እንታይ ይጠቕሞ፤ ማር 8 ፤36

❖ እግዚኣብሄር በዓል ስልጣን እዩ፣ ስለዚ እቲ ቅኑዕ መገዲ መድሓን ኣውጁልና ኣሎ።

- እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይን ምድን፣ ኣብ ባሕርን መዓሙቕን ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ። መዝ 135፤ 6
- ቃል ንጉስ ስልጡን እዩ እሞ፡ ንምንታይ እዚ ገበርካ፡ ዚብሎ መን እዩ እምበኣርሲ ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ እሞ፡ ካብ ገጹ ንምርሓቕ ኣይትተሃወኽ፡ ኣብ እኩብ ነገር ኣይትጽናዕ። መክ 8 ፤3 - 4
- እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ኢሉ መሐለ፡ ብሓቂ ኸምቲ ዝሐሰብክዎ ኪኸውን፡ ከምቲ ዝመደብክዎውን ኪቐውም እዩ። ። እግዚኣብሄር ጐይታ

ሰራዊት መዲብዎ እዩ እሞ፡ መን ከንቱ ይገብሮ ኢዱ ተዘርጊሓ ኣላ፡ መንከ ይመልሳ። ኢሰ 14 ፤ 24, 27

- እቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ኹሎም ብእኡስ ከም ገለ እኳ ኣይቈጸሩን፣ ንሱ ኣብ ሰራዊት ሰማይን ኣብቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩን ከም ፍቓዱ እዩ ዚገብር። ንኢዱ ዚክልክላ፣ ሰለምንታይ እዚ እትገብር፣ ኢብሎ ዚኽእልውን የሎን። ዳን 4 ፤35

❖ እግዚኣብሄር የፍቅረና እዩ፡ ግን እምነትናን ቅንዕናናን ኣብ ግጉይ መገዲ እንተኾይኑ ኣይቅበሎን እዩ።

- ፍልጠት ስለ ዝጸልኡ፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ስለ ዘይመረጹ፡ ምኽረይ ስለ ዘይፈተዉ፡ ንዅሉ ተግሳጸይ ስለ ዝነዐቕዎ፡ 31 ፍረ መገዶም ኪበልዑ፡ ካብቲ ምኽሮም ከኣ ኪጸግቡ እዮም። እወ፡ ነቶም ዓያሱ ዕልወቶም ኪቕትሎም፡ ነቶም ደናቑርቲ ኸኣ እቲ ሸለል ምባሎም ኬጥፍኦም እዩ። እቲ ዚሰምዓኒ ግና ብደሓን ኪነብር፡ ንኽፉእ ከይፈርሄ ኸኣ ኪሀድእ እዩ። ምሳ 1:29-33
- እቲ ዓሻ፡ መገዱ ኣብ ኣዒንቱ ቕንዕቲ እያ፡ ጥበበኛ ግና ምኽሪ ይሰምዕ። ምሳ 12፤15
- ነፍሲ ብዘይ ፍልጠት ምኻና ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ቅልጡፍ እግሪ ኸኣ ይስሕት። ምሳ 19፤ 2
- ኣሕዋተየ፡ ብፍልጠት ደኣ ኣይኰነን እምበር፡ ንኣምላኽ ቅንኣት ከም ዘለዎምሲ፡ ኣነ እምስክረሎም ኣሎኹ እሞ፡ ንሳቶም ኪድሕኑ፡ ስሊኦም ሃረርታ ልበይን ናብ ኣምላኽ ጸሎተይን እዩ። ሮሜ 10፤2
- ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ። ኤፌ 5፤17
- የሱስ መለሰ በሎምውን፡ መጻሕፍቲ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩም ትጋገዩ አሎኹም። ማቴ 22 ፤29
- ኣነስ፡ እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦ ደኣ እንታይ ከም ዝብልን ዝዛረብን ትእዛዝ ሂቡኒ እምበር፡ ካብ ርእሰይ ኣይዛረብን እየ እሞ፡ እታ ትእዛዙ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምዃና እፈልጥ አሎኹ። እምብኣርሲ እቲ ኣነ ዝዛረቦ፡ ከምቲ ኣቦ ዝነገረኒ ኸምኡ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ። ነቲ ዚንዕቀንን ንዘረባይ ዘይቅበሎን ከኣ ዚፈርዶ አሎ። እዚ ኣነ ዝዛረቦ ዘሎኹ ቓል፡ ንሱ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኺፈርዶ እዩ። የሃ 12፤ 48-50

❖ እምነትና መሰረቱ ኣብ ቃል ኣምላኽ ከም ዝኾነ ከነረጋግጽ ኣሎና። ኣብ ግጉይ ትምህርቲ፡ባህሊ፡ ወይ ስሚዓትና ክኸውን የብሉን።

- ንሱ ኸኣ በሎም፡ ኣቱም ግቡዛት፡ ከምቲ ጽሑፍ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፡ ልቦም ግና ካባይ ርሑቕ እዩ። ግናኸ ምህሮ ስርዓት ሰብ እናመሃሩ፡ ብከንቱ እዮም ዜምልኹኒ ዚብል፡ ኢሳይያስ ብዛዕባኹም ጽቡቕ ተነበየ።

ትእዛዝ ኣምላኽ ሐዲግኩም፡ ስርዓት ሰብ ትሕልዉ አሎኹም፡ ከም ምሕጻብ ጣሳን ዕትሮን፡ ብዙሕ ካልእ ድማ ነዚ ዚመስልን ትገብሩ አሎኹም። ስርዓትኩም ምእንቲ ኽትሕልዉ፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍራስኩምሲ ጽቡቕ ደኣ። ሙሴ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ነቦኡ ወይስ ነዲኡ ሕሱም ቃል ዜውጽእ፡ ሞት ይሙት፡ ኢሉ አሎ። ማር 7፧6 – 9

❖ እግዚኣብሄር ብጣዕሚ ስለ ዘፍቅረና ኣብ ቃሉ ቡዙሕ መጠንቀቕታታትን ክንከደሉ ዝግባእ ቅኑዕ መገድን ምሂሩና ኣሎ።

- ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ። መዝ 119፧ 105
- ምኽፋት ቃልካ የብርህ፣ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።መዝ 119፧ 130
- ባርያኻውን ብእኡ ተማሂሩ፣ ብምሕላዉ ዓብዩ ኻሕሳ ኣሎ። መዝ 19፧11
- ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ኸኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ። ባዕለይ እፈልጥ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሄር ፍራህ፡ ካብ ክፉእ ከኣ ርሐቕ። ምሳ 3 ፧5 - 7
- ብትዕግስትን ብምጽንናዕ ጽሑፋትን ተስፋ ምእንቲ ኪኸነልና፡ እቲ ቐደም እተጻሕፈ ዘበለ ኹሉ
- ንምህሮና እዩ እተጻሕፈ። ሮሜ 15 ፧4
- ብእምነት ብክርስቶስ የሱስ ንምድሓን ኬለብማኻ ዚኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈሊጥካ፡ በቲ እተምሃርካዮን እተረዳእካዮን ጽናዕ። 2ቲሞ 3፧15

❖ እግዚኣብሄር መገዱ ፍጹም ስለ ዘይቅየር ሙሉእ እምነትና [ ትውክልትና] ናብኡ ክንገብር ንኽእል ኢና።

- ኣነ እግዚኣብሄር ኣይልወጥን እየ ...ሚል 3፧6
- ካብ ጥንቲ ንምድሪ ሰረትካያ፣ ሰማያት ከኣ ግብሪ ኣእዳውካ እዮም። ንሳቶም ኪጠፍኡ እዮም፣ ንስኻ ግና ትነብር፣ ኵላቶም ከም ክዳን ኪበልዩ እዮም፣ ከም ልብሲ ኽትልውጦም ኢኻ፣ ኪልወጡውን እዮም። ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ፣ ዓመታትካውን ከቶ ኣይውዳእን። ውሉድ ባሮትካ ኺነብሩ ዘርኦም ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ኺጸንዕ እዩ። መዝ 102፧ 25-27
- ጽቡቕ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ እዩ፡ ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዜብሉ ኣቦ ብርሃናት እዩ ዚወርድ። ያዕቆብ 1:17
- የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለም ንሱ እዩ። እብ 13 ፧8
- ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኮነን። ከይጠዐስ ከኣ፡ ወዲ ሰብ ኣይኮነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ፧ እተዛረቦስ ኣይፍጽሞንዶ፧ ዘሁ 23፧19
- እግዚኣብሄር ንምኽሪ ኣህዛብ ከንቱ ይገብሮ፣ ንሓሳባት ህዝብታት የጥፍኦ። ምኽሪ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም እዩ፣ ሓሳባት ልቡውን ካብ ወለዶ ንወለዶ ይቐውም። መዝ 33፧10-11

## 3 ፍጥረት ኣምላኽ

- ብጀካ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ካልእ ኣምላኽ የለን ፣ ብፍጥረቱ ጌሩ ድማ ህላውነቱ ገሊጹልና ኣሎ።
  - እግዚኣብሄር፡ ንጉስ እስራኤልን ተበጃዊኡን፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል፡ ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ እየ፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን። ኢሳ 44፤ 6
  - ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ብጀካይ ከቶ የልቦን እሞ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ናይ ቀደም ዘክሩ፡ ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ዚማሳሰለኒ ኸኣ የልቦን። ካብ መጀመርታ ነቲ መወዳእታ፡ ካብ ጥንቲ ገና ኸይኰነ ኸሎ ዝነገርኩ እሞ፡ ምኽረይ ኪቐውም እዩ፡ ፍቓደይ ኲሉውን ክፍጽም እየ፡ ዝበልኩ ኣነ እየ። ኢሳ 46፤ 9 -10
  - ቀኑጥዓ ኣምላኽ ካብ ሰማይ ኣብ ረሲእነትን ዓመጻ ዘበለ ዅሉን ነቲ ሓቂ ብዓመጻ ኣብ ዚኸድንዎ ሰባት ይግለጽ እዩ። ኣምላኽ ገሊጹሎም እዩ እሞ፡ እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዚፍለጥ ዘበለ ኣባታቶም ግሉጽ እዩ፡ ዜማኻንይዎ ምእንቲ ኺስእኑስ፡ እቲ ኻብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ፡ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርኤ። ሮሜ 1 ፤ 18 - 20
  - እቶም እኩያት ሰባትን ጠበርትን ግና እናኣስሐቱን እናሰሐቱን ናብ ዝገደደ ኺበጽሑ እዮም። 2 ጢሞ 3፤13
  - ዓሻ ብልቡ፣ ኣምላኽ የልቦን፣ ይብል። ተበላሸዉ፣ ግብሪ ርኽሰት ገበሩ፣ ሰናይ ዚገብር ሓደ እኳ የልቦን። መዝ 53 ፤1
  - ስለምንታይ ረሲእ ንኣምላኽ ዚንዕቆ፣ ብልቡ ኸኣ፣ ኣይክትምርምርን ኢኻ፣ ዚብሎ፤ መዝ 10 ፤13
  - ኣነ ህያው እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኲሉ ብርኪ ኺሰግደለይ፡ ኲሉ ልሳንውን ንኣምላኽ ኪመስግኖ እዩ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ኲላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደው ክንብል ኢና። ስለምንታይ ደኣ ንስኻ ኣብ ሓውካ እትፈርድ፤ ወይስ ንምንታይ ንስኻ ንሓውካ እትንዕቕ፤ 12 እምብኣርሲ ነፍሲ ወከፍና በብናይ ርእሱ ንኣምላኽ ጸብጻብ ኪህብ እዩ። ሮሜ 14 ፤ 11-12
  - ንሳቶም ነቲ ንህያዋንን ንምዉታትን ኪፈርድ ተዳልዩ ዘሎ፡ ጸብጻብ ኪህብዎ እዮም። 1ጴጥ 4:5

- ኣምላኽ ንኹሉ ጽቡቕ ጌሩ እዩ ፈጢርዎ፡ ብሰንኪ ሓጢኣትና ግን ሞት፡ ሕማምን ስቓይን መጺኡን ይቕጽልን ኣሎ። ተስፋ ግን ኣሎ።
  - ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ዅሉ ረኣየ፡ እንሆ፡ ብዙሕ ጽቡቕ ኰነ። ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ሳድሰይቲ መዓልቲ። ዘፍ 1 ፤31

- ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኲላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኲሉ ሰብ ሐለፈ።
- ኣነስ ከም ዝበኹበኹ ኦም፡ ብልዒ ኸም ዘበላሸዎ ዓለባ ኹይነ።   ኢዮ 13፤ 28
- እቲ ፍጥረት ንርእሱ ድማ ካብ ባርነት ጥፍኣት ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ ኪወጽእ እዩ። ሮሜ  8 ፤21
- ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብቲ ኸም ፍቓድ ኣቦና ኣምላኽ፡ ካብዛ ሕጂ ዘላ እክይቲ ዓለም ምእንቲ ኼድሕነና ኢሉ፡ ብሰሪ ሓጢኣትና ነፍሱ ዝሃበ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን፡ ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም። ገላ; 1; 3-  4
- ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ኽትህብትሙስ፡ እቲ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኲሉ ሓጐስን ሰላምን ዘበለ ብእምነት ይምላእኩም።   ሮሜ 15;13

## 4 ናይ እግዚኣብሄር  ፍጹም ሰናይነት

❖ እግዚኣብሄር ኣብ ኲሉ መገዱን ኲሉ ጊዜን ፍጹም ጻድቕን ሰናይን እዩ።

- እግዚኣብሄር ብዅሉ መገዱ ጻድቕ እዩ፣ ብዅሉ ግብሩውን ሕያዋይ እዩ። መዝ 145 ፤17
- እግዚኣብሄር ጻድቕ ምዃኑ ምእንቲ ኺውርዩስ፣ ብእርግናኦም ድማ ይፈርዩ፣ ይውረዩን ይልምዑን። እግዚኣብሄር ከውሐይ እዩ፣ ኣብኡውን ዓመጻ የልቦን።  መዝ 92፤15
- እግዚኣብሄር ኣብ ማእከላ ጻድቕ እዩ፣ንሱ ኣይእብስን፣ ንግሆ ንግሆ ኸየብኰረ ፍርዱ ናብ ብርሃን የውጽእ፣ ዓማጺ ግና ሓንከት ኣይፈልጥን።   ጸፎ 3 ፤5
- ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ልዕል ኣብልዎ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ቅዱስ እዩ እሞ፣ ኣብ ቅዱስ ከረኑውን ስገዱ። መዝ  99  ፤9
- እግዚኣብሄር ብርሃን ምዃኑን ኣብኡ ኸኣ ሓንቲ እኳ ጸልማት ከም ዜብሉን፡ 1የሃ1፤5

❖ ኣምላኽ ፍጹም ስለ ዝኾነ ኣብ ሰማያት ምስኡ ክንከውን እንተድኣ ኴንና፣ ንሕና ድማ ፍጽማት ክንከውን ይደሊ፡  እንተኾነ ግን ካብ ፍጽምና  ወዲቕና ኢና።

- ፍርዲ ንመዓቀኒ፡ ጽድቂ ኸኣ ንመለክዒ ኽገብሮ እየ፡ በረድ ንጸግዒ ሓሶት ኬፍርሶ፡ ማያትውን ነቲ ኸውሊ ኪድምስሶ እዩ።  ኢሰ 28 ፤ 17
- ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ተዛረብ በሎም ድማ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ቅዱስ እየ እሞ፡ ንስኻትኩም ከኣ ቅዱሳን ኩኑ። ሌዋ 19፤2

- እምብኣርከ ኽምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ። ማቲ 5 ፥48
- እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣነ እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ፡ ፍጹም ከኣ ኹን። ዘፍ 17 ፥ 1

❖ እግዚኣብሄር ምስ ካልኦት እናወዳደረ፡ ወይድማ እንተደኣ ጸቡቕ ግብርና ካብ ሕማቅ ተግባርና በሊጹ ኣይኮነን ዝፈርደና።

- ምስቶም ገለ፡ ባዕላቶም ንርእሶም ዚንእዱ፡ ርእስና ኽንቈጽር ወይስ ከነመዓራሪ ኣይንደፍርን ኢና። ግናኸ ንሳቶም ባዕላቶም ብነፍሶም ርእሶም ካብ ዚልክዑ፡ ብነፍሶምውን ንርእሶም ካብ ዜመዓራርዩስ፡ ኣእምሮ የብሎምን። 2ቆሮ 10 ፥ 12
- እግዚኣብሄር ግና ንሳሙኤል፡ ኣነ ንዒቐዮ እየ እሞ፡ ኣብ ትርኢቱን ኣብ ምንዋሕ ቊመቱን ኣይትጠምት። እግዚኣብሄርሲ ሰብ ከም ዚርእዮ ኣይርእን፡ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዚርኢ፡ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዚርኢ፡ በሎ። 1 ሳሙ 16 ፥ 7
- ሓደ ገለ ዘይኰነስ ገለ ኽም ዝኾነ እንተ መሰሎ፡ ንርእሱ ይጥብር ኣሎ፡ እምብኣርከ ጾር ሓድሕድኩም ጹሩ፡ ከምኡውን ሕጊ ክርስቶስ ፈጽሙ። ገላ 6፥ 3
- ንብዘሎ እቲ ሕጊ ሓልዩ ኣብ ሓንቲ ዚብድል ብኹሉ እዩ በደለኛ ዚኸውን። ያቆ 2 ፥10
- እቲ ጻድቕከ ኻብ ጽድቁ እንተ ተመልሰ፣ እንተ ኣበሰ እሞ ከምቲ ረሲእ ዚገብሮ ኹሉ ፍንፉን ነገር እንተ ገበረስ፣ ብህይወትዶ ኺነብር እዩ ካብቲ ዝገበሮ ጽድቂ ሓንቲ እኳ ኣይክትዝከርን እያ። በቲ ዝጠለሞ ጥልመትን በቲ ዝገበሮ ሓጢኣትን ኪመውት እዩ። ህዝ 18 ፥ 24

❖ እግዚኣብሄር ፍጹም ጻድቕን ቅዱስን ስለ ዝኮነ ማንም ሰብ ምስ ናቱ መለክዒታት ተወዳዲሩ ፍጹም ኪኸውን ኣይኪእልን እዩ።

- ኣምላኽሲ፣ ሓደ ለባም ንኣምላኽ ዚደልዮ እንተሎ ኺርኢ፣ ኻብ ሰማያት ናብ ደቂ ሰብ ኣንቈልቊሉ ይጥምት። ኵሎም ዐልዮም፣ ብዘለዉ ተባለሸዮም፣ ሰናይ ዚገብር የልቦን፣ ሓደ እኳ የልቦን። መዝ 53 ፥2-3
- ብርግጽ ሰናይ ዚገብር እሞ ዘይሐጥእ ጻድቕ ኣብ ምድሪ የልቦን። መ ክ 7 ፥ 20
- ጻድቕ ካብ ምድሪ ጠፍኤ፣ ኣብ ማእከል ሰብ ድማ ቅኑዕ የልቦን። .... እቲ ካባታቶም ዝሔሸ ኽም ተኾርባ እዩ፣ እቲ ዝቐንዔ ኸኣ ካብ ሓጹር እሾኽ ይገድድ። ሚክ 7፣ 2 ,4

- ውሉድ ኣዳም ምናምን ጥራይ እዮም፣ ውሉድ ሰብውን ሓሶት ጥራይ እዮም፣ ኣብ ሚዛን ልዕል ይብሉ፣ ኩሎም ብሓባር ካብ ምናምን ይፈኹሱ። መዝ 62:9
- ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብየሱስ ክርስቶስ ንዚኣምኑ ኹላቶም እዩ፡ በዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን እሞ፡ ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም። ሮሜ 3 ፤22-23
- ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኰነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኰነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ። ኢስ 55፤ 8 - 9
- እንታይ ደኣ እዩ፧ ካባታቶም እንሔሸሉዶ ኣሎና፧ ሓንቲ እኳ፡ ኣይሁድ ኰነ ወይስ ጽርኣውያን፡ ኲላቶም ትሕቲ ሓጢኣት ምዃኖም ቅድም ከሲስና ኣሎና። ከምኡውን ተጽሒፉ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን፡ ሮሜ 3 ፤ 9 - 10

❖ የሱስ ከምዝመሃሮ፡ እግዚኣብሄር ካብ ግብርና ጥራይ ዘይኮነስ ፍጽምና ዝደሊ ካብ ልብና፡ኣተሓሳስባና፡ ሃቐናናን ቃልናን እውን እዩ።

- እንሆ፣ ንሓቂ ኣብ ውሽጢ ኢኻ እትደልዮ፣ ኣብ ሕቡእውን ጥበብ ምሀረኒ። መዝ 51:6
- ነቶም ቀዳሞት፡ ኣይትዘሙ፡ ከም እተባህለሎም፡ ሰሚዕኩም ኢሎኹም። ኣነ ግና ንሰበይቲ ኺብህጋ ዚጥምታ ኹሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም ኣሎኹ። ማቴ 5 ፤27 -28
- ነመንዝራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ ። እብ 13:4
- ነቶም ቀዳሞት፡ እቲ ዝቕተለ ኺፍረዶ እዩ እሞ፡ ኣይትቕተል፡ ከም እተባህለሎም ሰሚዕኩም ኢሎኹም። ኣነ ግና፡ ንሓዉ ዚቘጥዖ ዘበለ ኹሉ ኺፍረዶ እዩ፡ ንሓዉ፡ ኣታ ተኸዳን ጨርቂ፡ ዚበሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ኺፍረዶ፡ ኣታ ዓሻ፡ ዚብሎውን ንገሃነም ሓዊ ኺፍረዶ እዩ፡ እብለኩም እሎኹ። ማቲ 5 ፤ 21-22
- ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ኹሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዝኾነ ኹሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም። 1ዮሃ 3 ፤ 15
- ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ወጻኢኡ ጽቡቕ ኰይኑ ዚርኤ፡ ውሽጡ ግና ኣዕጽምቲ ምዉታትን ርኽሰትን ዝመልኤ ልቕሉቕ መቓብር ትመስሉ ኢሎኹም እሞ፡ ወይለኹም። ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ብላዕሊ ንሰብ ጻድቃን መሲልኩም ትረኣይዎ፡ እቲ ውሽጥኹም ግና ግብዝናን ዓምጻን ምሉእ እዩ። ማቲ 23፤ 27 - 28

❖ ናይ ምሕሳው ሓጢኣት፡ ክሳዕ እቲ ንገዛእ ርእስና ብዛዕባ ባህሪ እግዚኣብሄር እንሕስዎ ማለት ‘ንሱ ፍቅሪ ስለ ዝኾነ ንሓጢኣትና ሸለል ኪብሎ እዩ’ ክሳዕ ምባል ኪበጽሕ ይኽእል።

- እንሆ፡ ንስኻትኩም ኣብ ዘይጠቅም ቃላት ሓሶት ትውከሉ ኣሎኹም። ኤር 7:8
- እቲ ንእግዚኣብሄር እምንቶኡ ዚገብር፣ ናብቶም ዕቡያትን ሓሶት ዜግልሱን ዘየብል ሰብ ብጹእ እዩ። መዝ 40፣ 4
- ሓሶት ንዚዛረቡ ተጥፍኦም። እግዚኣብሄር ንደመኛን ንጠባርን ይፍንፍኖም እዩ። ምውዝ 5 ፣6
- እቶም ኣኽላባትን ጠንቋልትን ኣመናዝራታትን ቀተልትን መምለኽቲ ጣኦትን ንሓሶት ዚፈትዉዎን ዚገብርዎን ዘበሉ ዅሎም ግና ኣብ ወጻኢ እዮም። ራኢ 22 ፣15
- እቶም ፈራሃትን ዘይኣምኑን ፍንፉናትን ቀተልቲ ነፍስን ኣመናዝርን ጠንቌልትን መምለኽቲ ጣኦትን ብዘለዉ ሓሰውትን ግና፡ ግዲኦም ኣብቲ ብሓውን ዲንን ዚነድድ ቀላይ እዩ፡ እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ፡ በለኒ። ራኢ 21፣ 8

❖ ሓጢኣት ኣምልኾ ጣኦት፡ ብገዛእ ርእስና ዝፈጠርናዮ ዝተጋገየ ስእሊ እግዚኣብሄር ኣብ ኣእምሮና ኪንስእልን ባህ ኪብለናን እንክሎን የጠቓልል።

- እምብኣርስኸ ዓሌት ኣምላኽ ካብ ኰንናስ፡ ኣምላኽ ነቲ ብናይ ሰብ ብልሓትን ሓሳብን እተገብረ ቕርጺ ወርቂ ወይ ብሩር ወይ እምኒ ኸም ዚመስል፡ ክንሕስቦ ኣይግብኣናን እዩ። ግብ 17 ፣29
- …እቲ ዝፈሰሰ ምስሉ ሓሶት እዩ፡ … ከንቱነት፡ ናይ ምጥባር ዕዮ እዮም። ኤር 51 ፣17 - 18
- እቶም ጣኦታት ቤት ከንቱ ይዛረቡ… ብኸንቱውን የጸናንዑ። ዘካ 10 ፣2
- ናብ ጣኦታት ኣይትመለሱ፡ ኣማልኽቲ ፍሲ ድማ ኣይትግበሩ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። ዘሌ 19:4
- ንሕጋጋቱን እቲ ምስ ኣቦታቶም ዝአተዎ ኺዳንን ነቲ ዝመስከረሎም ምስክራትን ነዐቑ፡ ደድሕሪ ኸንቱነት ስዒቦም ከኣ ከንቱ ኾኑ…። 2 ነገ 17 ፣ 15

❖ ናይ እግዚኣብሄር ምድሓን ከም ነጻ ሂያብ እንተ ዘይወሃበና ነይሩ፣ ከም ሳዐቤን ሓጢኣትናስ ኣብ ናይ ዘልኣለም ሞት መሃለና ፤ከምኡውን ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ምርሓቕና ኔርና።

- ዝኾነ ሰብ ነቦኡ ወይ ነዲኡ ዝረገመ፡ ሞት ይሙት። ነቦኡን ነዲኡን ረጊሙ እዩ እሞ፡ ደሙ ኣብ ልዕሊኡ እዩ። ዘሌ 20 ፤9
- ነቲ ንብጻዩ ብሕቡእ ዚሐሚ ኤጥፍኦ፣ ነቲ ዕቡይ ዓይንን ኵሩዕ ልብን ዘለዎ ኣይዕገሶን እየ። ብፍጽምቲ መገዲ ዚመላለስ ኬገልግለኒ እዩ። ተንኰል ዚገብር ኣብ ውሽጢ ቤተይ ኣይነብርን፣ ሓሶት ዚዛረብ ኣብ ቅድሚ ኣዒንተይ ኣይጸንዕን እዩ። መዝ 101 ፤ 5 , 7
- ዓመጻ ዘበለ፡ ሕሰም፡ ስስዔ፡ ክፍኣት ዝመልኦም፡ ምሉኣት ቅንኣት፡ ቅትለት፡ ባእሲ፡ ተንኰል፡ እከይ፡ መሕሸኹሸኹቲ፡ ሓመይቲ፡ ኣብ ኣምላኽ ጽሉኣት፡ ገፋዕቲ፡ ኩሩዓት፡ ተጀሃርቲ፡ ተጣበብቲ እከይ፡ ንወለዶም ዘይእዘዙ፡ ደናቖርቲ፡ ጠለምቲ፡ ፍቕሪ ዜብሎም፡ ዘይድንግጹ፡ እዚኣቶም፡ ነቶም ከምዚ ዝበለ ዚገብሩ ሞት ከም ዚግብኦም፡ ነቲ ቕኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ እናፈለጥዎ ኸነሶምሲ፡ ምስቶም ዚገብርዎ ድማ ይሰምሩ ኣለዉ እምበር፡ ዚገብርዎ ጥራይ ኣይኰኑን። ሮሜ 1 ፣ 29-32
- ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዎዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ኣይትስሐቱ፡ ኣመንዝራታት፡ ወይ መምለኽቲ ጣኦት፡ ዘመውቲ፡ ወይ ሕንቁቓት፡ ወይ ግብሪ ሶዶም ዚገብሩ፡ 10 ሰረቕቲ፡ ወይ ስሱዓት፡ ወይ ሰካራት፡ ወይ ተጻረፍቲ፡ ወይ ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም። 1 ቆሮ 6: 9 - 10
- ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡ ፍሬኹም ንቕድስና ኾይኑ ኣሎ፡ መወዳእታ ኸኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። ሮሜ 6:23

❖ ሓጢኣትና በደልና እዩ፡ ነፍስ ወከፍና ድማ ሓላፍነት ክንወስድ ይግባእ።

- እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ እያ እትመውት። ውሉድ ኣበሳ ወላዲኡ ኣይኪጸውርን እዩ። ጽድቂ እቲ ጻድቕ ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ። ህዝ 18 ፤20
- ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍተንን ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ፡ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል። ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተስሒቡን ተሐቢሉን እዩ ዚፍተን። ደሓር፡ ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልዶ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሞት ይወልዶ። ኣቱም ፍቁራት ኣሕዋተይ፡ ኣይትስሐቱ። ያቆ 1 ፤13 -16
- ጥፍኣት ንዓመጽቲ፡ ጸገማውን ንገበርቲ እከይ ደይኰነን ዚመጾም ንሱስ ንመገደይዶ ኣይርእያን ንኹለን ስጉምተይከ ኣይቈጽረንንዶ እዩ። እዮ 31፣ 3 - 4

- ኣነ ኸይርእዮስ ሰብዶ ኣብ ስዉር ስፍራ ኺሕባእ ይኽእሎ እዩ ይብል እግዚኣብሄር። ሰማይን ምድርን ዝመልእዶ ኣነ ኣይኰንኩን ይብል እግዚኣብሄር። ኤር 23 ፤24
- ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ዕሽነተይ ትፈልጥ ኢኻ፣ በደለይውን ካባኻ ኣይተሐብኤን። መዝ 69: 5
- እቲ ጸብጻብ እንህቦ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዅሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ እምበር፡ ኣብ ቅድሚኡ ዚሕባእ ፍጡር የልቦን። እብ 4 ፤13

❖ ሓጢኣትና ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ፋንፉን እዩ፡ ስለዚ ድሕነት ብክርስቶስ የድለና።

- እንተ በደሉኻ፡ ሰብሲ ዘይብድል የልቦን፡ ኲሪኻ ድማ ንጸላኢ ኣሕሊፍካ እንተ ሀብካዮም… 1 ነገ 8 ፤ 4-6
- እንሆ፡ ንስኻ ኾሬኻ፡ ንሕና ሓጢኣት ገበርና፡ ብእኡ ነዊሕ ዘመን ነበርና፡ ንድሕን ዶኾን ንኸውን ኢሳ 64 ፤ 5
- …ኣነ መሓሪ፡ ቍጥዓ ንዘለኣለም ዘይዐቍር፡ ገጸይ ከኣ ኣይክጭምድደልኩምን እየ እሞ፡ ተመለሲ፡ ይብል እግዚኣብሄር። እምበኣርስኺ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኪ ኽም ዝጠለምኪ፡… ኣበሳኺ ተኣመኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኤር 3 ፤12 -13
- በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ክትብል ኢኻ፡ ጐይታየ፡ ተቘጢዕካኒ ነበርካ፡ ግናኸ ቍጥዓኻ ተመሊሱስ ኣጸናኒዕካኒ ኢኻ እሞ፡ ኤመስግነካ ኣሎኹ። 2 እንሆ፡ ኣምላኽሲ ምድሓነይ እዩ፡ እእመን ኣይፈርህን ድማ እየ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሓይለይን መዝሙረይን እዩ እሞ፡ ንሱ ምድሓነይ ኰነ። ኢሳ 12 ፡1 –2

## 5 ኣምላኻዊ ፍጹም ፍትሒ

❖ እግዚኣብሄር ፈቃርን መሓርን እዩ፣ ፍትሕዊ ስለ ዝኾነ ግና ንሓጢኣት ሸለል ኢሉ ኣይሓልፍን እዩ፣ስለዚ ምድሓን የድልየና እዩ።

- እግዚኣብሄር ድማ ብቕድሚኡ ሐለፈ ኣወጀ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር፡ መሓርን ጸጋውን ምላኽ፡ ንኹራ ደንጓይ፡ በዓል ብዙሕ ለውሃትን ሓቅን፡ 7 ከሳዕ ሽሕ ወለዶ ጸጋ ዚሕሉ፡ ዓመጽን ምትሕልላፍን ሓጢኣትን ይቕረ ዚብል፡ ግናኸ ንበዳሊ ኸም ንጹህ ዘይርኢ፡….ዚቐጽዕ። ዘጽ 34፣ 6 –7
- እግዚኣብሄር ንዅራ ደንጓዩ፡ በዓል ብዙሕ ምሕረት እዩ፡ ንሱ በደልን ሓጢኣትን ይቕረ ይብል፡… ንበዳሊ ኸይቀጽዔ ኣይሐድጎን። ዘህ14 ፤18

- እግዚኣብሄር ንሾራ ደንጓይን ብዓል ዓብዪ ሓይልን እዩ፣ ነቲ በዳሊ ከቶ ኸም ንጹህ ኣይቈጽሮን፣ እግዚኣብሄር ብሸምበባን ብህቦብላን እዩ መገዱ፣ ደበና ኸኣ ተጐጓ ኣኣጋሩ እዩ። ናሆ1 ፣3
- ኵሉ መገዱ ፍርዲ እዩ እሞ፣ እቲ ኸውሒ ግብሩ ፍጹም እዩ፣ ዓመጽ ዜብሉ ኣምላኽ እምነት እዩ፣ ንሱ ጻድቕን ቅኑዕን እዩ። ዘዳ 32፣ 4
- ንእግዚኣብሄር ብቓላትኩም ኣድከምኩምዎ። ብምንታይ እሞ ኢና ዘድከምናዮ ድማ ትብሉ። ንስኻትኩም፣ ክፉእ ዚገብር ዘበለ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ንሱ ብእኦም ባህ ይብሎ፣ ወይስ ኣምላኽ ፍርዲ ኣበይ ኣሎ ብምባልኩም እዩ። ሚል 2 ፣17
- ሓጢኣት የብልናን፡ እንተ በልና፡ ንርእስና ንጥብራ ኣሎና፡ እታ ሓቂውን ኣባና የላን። 1ዮሃ 1፣ 8
- ምስናይ እዚ ድማ፡ ኣነ ንጽህቲ እየ፡ ቍጥዓኡ ኻባይ ኣርሒቑ ተመሊሱ እዩ፡ ትብሊ ኣሎኺ። እንሆ፡ ሓጢኣት የብለይን ስለ ዝበልኪ፡ ምሳኺ ኣብ ፍርዲ ኽኣቱ እየ። ኤር 2 ፣ 35

❖ እግዚኣብሄር ሕያዋይ እዩ ኩሉ መድሐንና ድማ ፈጥጺምዎ እዩ ፣ እንተኾነ ግን ኪፍራህ ይግብኦ እዩ ምኽንያቱ ቡርቱዕ ፈርዲ ኣብ ልዕሌና ኪውስን ሰለ ዝኽእል።

- እምብኣርሲ ናይ ኣምላኽ ለውሃትን ጭከናን ተመልከት፡ ሮሜ 11፣22
- … ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ንዚደልይዎ ኹላቶም ንጽቡቕ፡ ስልጣኑን ኵራኡን ግና ኣብ ልዕሊ እቶም ዚሓድግዎ ኹላቶም ከም ዝኾነት። እዝ 8፣ 22
- ካብ ስምባድካ እተላዕለ ስጋይ ይርዕድ፣ ፍርድኻውን የሸብረኒ ኣሎ። መዝ 119፣ 120
- ነቲ ነፍስን ስጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍእ ዚከእሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንስጋ ዚቐትሉ ንነፍሲ ግና ምቕታላ ዘይክእሎም ኣይትፍርህዎም። ማቲ 10፣ 28
- ንስኻ በይንኻ ኢኻ ቅዱስ እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ዘይፈርሃካን ንስምካ ዘየኽብርንከ መን ኣሎ፤ ራኢ15፣4
- ፍርሃት እግዚኣብሄር ንጥበብ መጀመርያኣ እዩ፡ ዓያሱ ንጥበብን ትምህርትን ይንዕቅዎ።ምሳ 1፣7
- ፍርሃት እግዚኣብሄር ናብ ህይወት የብጽሕ፡ ሳላኡ ሰብ ጸጊቡ ይሐድር፡ ክፉእ ከኣ ኣይረኽቦን። ምሳ 19 ፣23
- ብምሕረትን ብሓቅን ስሬት ኣበሳ ይርከብ፡ ሰብውን ብፍርሃት እግዚኣብሄር ካብ እከይ ይርሕቕ። ምሳ 16 ፣ 6

❖ የሱስ ክርስቶስ ፈራዲ እዩ፡ መሰረት ፍርዱ ኸኣ ኣቐዲሙ ነጊሩና ኣሎ።

- ኣምላኽ … ንዓለም ብጽድቒ ዚፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ስለ ዘሎ። ግብ 17 ፥ 31
- ይመጽእ፣ ንምድሪ ኺፈርድ ይመጽእ፣ ንዓለም ብጽድቂ፣ ነህዛብ ብሓቂ ኺፈርድ እዩ እሞ፣ መሮርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉን ባህ ይበሎም፣ ሽዑ ኹላቶም ኦእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እልል ኪብሉ እዮም። መዝ 96 ፥ 13
- … ብየሱስ ክርስቶስ፡ ንሱ ኸኣ ጐይታ ዀሉ፡ ሰላም እናኣበሰሮም እተላእከ ቓል፡…ኣምላኽውን ንህያዋንን ምዉታትን ፈራዲ ኪኸውን ዝመደቦ፡ ንሱ ምዃኑ …። ግብ10 ፥ 36,42
- ኣምላኽ ደኣ እዩ ፈራዲ፣ ነዚ የውርድ፣ ነቲ ልዕል የብል። መዝ 75፣ 7
- እኩይ ግብሪ ብቕልጡፍ ኣይፈርድን እዩ እሞ፡ ስለዚ ልቢ ደቂ ሰብ እኩይ ንምግባር ብሃቐና መልኤ። መክ 8፥11
- እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ … እዚ ኣነ ኽትነግረን ኢለ ዝእዝዘካ ዘለኹ ዅሉ ቓላት፡ ሓንቲ ቓል እኳ ኸየጒደልካ ንገረን። ምናልባሽ እንተ ሰምዑ፡ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ካብ እኩይ መንገዶም እንተ ተመልሱ፡ ኣነውን እቲ ብሰሪ እኩይ ግብሮም ከውርደሎም ኢለ ዝኣመምክዎ መዓት ክጥዐሰሉ እየ። ኤር 26 ፥2-3
- ስለዚ፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገድኹም ክፈርደኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ተመለሱ፣ ኣበሳኹም መዓንቀፊ ኸይኰነኩምሲ፣ ካብ ኵሉ ግህሰትኩም ተመለሱ። ህዝ 18፣ 30
- ብእኡ ንዚኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና፡ ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ፡ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ። የሃ 3 ፥ 18

❖ እግዚኣብሄር ብፍቕሩ ካብ ናይ ዘልኣለም ሞት መውጽኢ ጌሩ ኣሎ ኣጠንቂቑና ድማ ኣሎ፡ ጸላእቱ እንተኾንና ብፍታውና እምበር ኣምላክ ስለ ዝመረጸልና ኣይኮነን።

- ኣምላኽሲ ንኣና ኣምላኽ ምንጋፍ እዩ፣ ካብ ሞት ምውጻእ ድማ ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ። ኣምላኽ ግና ርእሲ ጸላእቱ፣ ኤረ ነቲ ብበደሉ ዚመላለስ ጕታን፣ መንበስበስታኡ ኺጭፍልቖ እዩ። መዝ 68 ፥ 20-21
- ንሕና ግዳ ኸንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል፡ ከመይ ጌርና ኽንመልቍ ይከኣለና፧ እብ 2 ፥ 3
- ኣብቲ ንምዉታት ዜተንስእ ኣምላኽ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ምእንቲ ኸይንውከልሲ፡ ሞት ከም እተፈርደና ኣብ ውሽጥና ይስምዓና ነይሩ። ንሱ ኻብ ክንድዚ ዚአክል ሞት ኣድሒኑና የድሕነና ድማ አሎ፡ ንዓሕራዩውን ከም ዜድሕነና፡ ብእኡ ተስፋ ንገብር ኣሎና። 2 ቆሮ1፣ 9-10
- ጐይታየ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ንምህለላይ ጽን በሎ፣ ብሓቅኻን ብጽድቅኻን ምለሰለይ። ህያው ዘበለ ኣብ ቅድሜኻስ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን እሞ፣ ምስ ባርያኻ ኣብ ፍርዲ ኣይትእቶ። መዝ 143 ፥ 1-2

- ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣምላኸይ፣ ከም ጽድቅኻ በይነለይ።መዝ 35፣24
- ዎ ኣምላኽ፣ ብስምካ ኣድሕነኒ፣ ብስልጣንካውን በይነለይ። መዝ 54 ፣ 1
- ስም እግዚኣብሄር ጽኑዕ ግምቢ እዩ፡ ጻድቕ ናብኡ ጐይዩ የዕቍብ። ምሳ18 ፣ 10
- ግናኸ ብትርኻን ብዘይ ምንሳሕ ልብኻን ነቲ ብመዓልቲ ቑጥዓን ምግላጽ ቅኑዕ ፍርዲ ኣምላኽን ዚወርድ ቍጥዓ ኣብ ርእስኻ ትእከብ ኣሎኻ። ንሱ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺፈድዮ እዩ። ሮሜ 2 ፣ 5-6

# 6 ናይ እግዚኣብሄር ዘደንቕ ፍቕሪ

❖ እግዚኣብሄር ፈቃርን መሐርን ፣ ጸጋዊ፡ ትዕግስተኛ፡ ይቅረ በሃሊ ፡ ልዐሊ እቲ ንሕና እነወዳድሮ እዩ።
    - ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፡ እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ። 1የሃ 4: 8
    - እግዚኣብሄር ርሕሩሕን መሓርን እዩ፣ ንዅራ ደንጓዪ፣ ብሳህሊ ድማ ምሉእ እዩ። መዝ 103 :8
    - ዎ እግዚኣብሄር፣ ርሕራሔኻ ዓብዪ እዩ። መዝ 119:156
    - ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ኤፌ 2 ፣ 4
    - ንስኻ ግና ኣምላኽ ይቕሬታን ሰናይን መሐርን ኢኻ፡ ንኹራ ደንጓዩ፡ ብዓል ብዙሕ ምሕረት ኢኻ እሞ፡ ኣይሓደግካዮምን። ነህ 9፣17
    - ንህዝቡ ብሕድገት ሓጢኣቶም ፍልጠት ምድሓን ክትህቦም፡ …ስለ ርሕሩሕ ምሕረት ኣምላኽና፡ ብእኡ ኻብ ላዕሊ በርቂ ጸሓይ ኪበጽሓና እዩ። ሉቃ 1 ፣ 77-78
    - ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ፣ ኣበሳ ዚሐድግ፣ ነቲ በደል ካብቶም ተረፍ ርስቱ ዜሕልፍ መን እዩ፣ ምሕረት እዩ ዜፈቱ እሞ፣ ኵራኡ ንዘለኣለም ኣይዐቕርን። ሚኪ 7፣ 18
    - ሃገረይ ከሎኹ እተዛረብክዎስ እዚዶ ኣይኰነን መሓርን ርሕሩሕን ንዅራ ደንጓይን ብዓል ዓብዪ ሳህልን ንእኩይ እትጥዐሰሉን ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ስለ ዝፈለጥኩ፣ ስለዚ እየ ቐዲመ ናብ ተርሲስ ዝሀደምኩ። ዮና 4 ፣ 2

❖ እግዚኣብሄር የፍቅረና እዩ፡ ምስኡ ሕብረት ኪህልወናውን ይደሊ። እዚ ዝኸውን ግን ነቲ ብክርስቶስ የሱስ እመኑ ዝብል ትእዛዝ እግዚኣብሄር ምስ እንሕሉ ጥራይ እዩ።
    - ንስኻትኩም እዚ ዝኣዘዝኩኹም ዘበለ ኸሉ እንተ ገበርኩም፡ ኣዕሩኸይ ኢኹም። የሃ 15 ፣14

- ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ኹሎም ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። የሃ 1 ፣ 12
- ኣብቲ፣ ህዝበይ ኣይኰንኩምን እተባህለሉ ስፍራ ኸኣ፣ ንስኻትኩም ደቂ ህያው ኣምላኽ ኢኹም፣ ኪብልዎም እዮም። ሆሴ 1 ፣10
- ንስኻትኩም ድማ ምሳና ሕብረት ምእንቲ ኺህልወኩም ኢልና፡ እቲ ዝርኤናዮን ዝሰማዕናዮን ንዓኻትኩም ንነግሮ ኣሎና። ሕብረትናውን ምስ ኣቦን ምስ ወዱ የሱስ ክርስቶስን እዩ። 1የሃ 1፣ 3

❖ እግዚኣብሄር በቲ ኣንጻር ሓጢኣት ዝወሰዶ ፍርዲ ዓጊቡ እዩ፣ ከምኡውን ስሌና ፍርዲ ሞት ብምጻሩ ፍቕሩ ኣርእዩ እዩ።

- ኣምላኽ፡ ብእኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ ዓለም ብምልኣኹ፡ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና።  ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ ኪኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኰነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ። 1 የሃ 4፣ 9-10
- ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ የርኢ ኣሎ። ሮሜ 5፣ 8
- ኣሕዋተየ፡ ንኸንቱ ኣሚንኩም እንተ ዘይኰንኩም፡ ከምቲ ኣነ ዝሰበኽክዎ ጌርኩም ሒዝኩምዎ እንተ ኣሊኹምሲ፡ እቲ ዝሰበኽኹልኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎኹምን ብእኡውን እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍልጠኩም ኣሎኹ።  እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቐድሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረ ኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ፡  …ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ። 1 ቆሮ 15፣1, 3-4, 6
- ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። የሃ 3 ፣16

❖ የሱስ ሂወቱ ካበኡ ማንም ክወስድ ዝኻእል የልቦን ግን ፈቲዩ ሂወቱ በጃ ብምሕላፍ ፍቅሩ  በዚ ኣርእዩና።

- ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ ዝወስዳስ የልቦን። በጃ ኽሕልፉ ስልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። የሃ10:18
- ንሱ ንህይወቱ ኣብ ክንዳና ስለ ዘሕለፈ፡ በዚ ንፍቕሪ ንፈልጣ ኣሎና።  1የሃ 3:16
- ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ። ገላ 2 ፣20

- ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፡ ነፍሱውን መባእን መስዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በጃና ዘሕለፈ፡ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ። ኤፌ 5 ፣ 2

## 7 የሱስ ዘድሕነና ኣምላኽ እዩ

❖ የሱስ እግዚኣብሄር ወዲ ነይሩ፡ እዩ፡ ክኸውን እውን እዩ። ብምድሓን ምእንቲ ኪምግበና ብፍታው ሰብ ኪኸውን ዝወረደ እዩ[ እንጌራ ሂወት]።

- ኣነ ንኤፍሬም ኣታቴኽዎ፣ ብቕልጽመይ ሐቜፍክዎም፣ ግናኸ ኣነ ኸም ዘሕዌኽዎም፣ ኣይፈለጡን። ኣነ ብገመድ ሰብ፣ ብማእሰር ፍቕሪ ሰሐብክዎም፣ ከምቲ ኻብ ምንጋጋኦም ኣርዑት ዜልዕል ኰንክዎም፣ ብልዒውን ኣቕረብኩሎም። ሆሴ 11፣3-4
- እግዚኣብሄር ድማ፡ .... ስቓዮም ኣጸቢቐ ርኤኹ፡ ...ስለዚ ... ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹ። ዘጸ 3፣ 7-8
- የሱስ መሊሱ በሎም፡ ...እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዔ ዘበለ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ። ዮሃ 6:43,51
- ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ።እቲ ቓል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሐደረ።ዮሃ 1:1, 14
- ...ክርስቶስውን ብስጋ ኻባታቶም እዩ፡ ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኹሉ እዩ። ኣሜን። ሮሜ 9 ፣ 5
- ብሓቂ እቲ ምስጢር ኣምልኾ ዓብዪ እዩ፥ ንሱ እቲ ብስጋ እተገልጸ፡ ብመንፈስ ጸደቐ፡ ንመላእኽቲ ተራእየ፡ ኣብ ኣህዛብ ተሰብከ፡ ኣብ ዓለም ተኣምነ፡ ናብ ክብሪ ዓረገ። 1ቲሞ 3 ፣16
- ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሐዲርዎ እዩ እሞ፡ ቆሎሴ 2 ፣9
- እቲ ናይ መድሓኒና፡ ናይ ኣምላኽ ሕያውነትን ፍቕሩ ንሰብን ምስ ተገልጸ ግና፡ ቲቶ 3፣ 4
- ስምኦን ጴጥሮስ፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ባርያን ሃዋርያን፡ ናብቶም ማዕረ እታ ናትና ዝኽብረታ እምነት ብጽድቂ ኣምላኽናን ብመድሓኒናን የሱስ ክርስቶስን እተመቕሉ፡ 2 ጵጥ 1 ፣1
- ግናኸ እቲ ኣብ ማእከል ምድሪ ግብርታት ምድሓን ዚገብር ዘሎ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ንጉሰይ እዩ። መዝ 74 ፣ 12

- የሱስ “ኣነ እየ” ዝብል ስም ብምሳዱ ኣምላኽ ምዃኑ ባዕሉ ኣርእዩ። ከማኡውን ቶማስ ኣምላኽ ምዃኑ ብዘየማትእ ኣዊጁሉ እዩ።
  - ኣምላኽ፡ ከኣ ንሙሴ፡ እቲ ዘሎኹ እየ ዘሎኹ፡ በሎ። በለ ድማ፡ ንደቂ እስራኤል፡ እቲ ኣሎኹ ናባኻትኩም ለኣኸኒ፡ በሎም። ዘጽ 3 ፣14
  - ኣይሁድ ከአ፡ ገና ሓምሳ ዓመት እኳ ዘይገበርካስ፡ ንኣብርሃምዶ ርኢኻዮ ኢኻ፤ በልዎ። የሱስ ከኣ፥ ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ፡ ከም ዘሎኹ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። የሃ 8፣ 57-59
  - ደሓር ከኣ ንቶማስ፡ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርኤ፡ … ኣማኒ እምበር፡ ዘይኣማኒ ኣይትኹን፡ በሎ። ቶማስ መሊሱ ከኣ፡ ጐይታይን ኣምላኸይን፡ በሎ። የሱስ ከኣ፡ ሳላ ዝርኤኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ፡ እቶም ከይረአዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም፡ በሎ። የሃ 20 ፣ 27-29

- የሱስ ናይ ሓጢኣትና መቕጻዕቲ ምእንቲ ኪወስድ ሰብ ኮይኑ። እሱ ሰብን ኣምላኽን ስለዝነበረ ኽኣ ስሌና መንጎኛ ነበረ።
  - ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ኺተዓርቕ፡ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ብኹሉ ነቶም ኣሕዋቱ ኺመስሎም ተገብአ። እብ 2፣ 17
  - ማለት፥ ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ የሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ። ብጊዜኡ ንዚኸውን ምስክር ንሱ ኣብ ክንዲ ኹሉ ኪኸውን ኢሉ ነፍሱ በጃ ሃበ፡ 1 ቲሞ 2፣ 5-6

- እቲ ጻድቕ ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ፡ ምእንቲ ምስኡ ክንነብር ኢሉ ንሓጢኣትና ብፍታው ዝጾረ፡ ንሱ እቲ እንኮ መድሓንን መገዲ ምድሓንን እዩ።
  - …ቅድመይ ኣምላኽ ከቶ ኣይተደኰነን፡ ድሕረይ ከኣ ኣይኪኸውንን እዩ። ኣነ፡ ኣነ እየ እግዚኣብሄር፡ ብጀካይ መድሓኒ የልቦን። ኢሰ 43 ፣10-11
  - …ብጀካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፡ ጻድቕን ዜድሕንን ኣምላኽ ብጀካይ ከቶ የልቦን። ኢሰ 45 ፣ 21
  - ብዛዕባይ ከኣ፡ ጽድቅን ስልጣንን ኣብ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ፡ ኪበሀል እዩ። ናብኡ ኺመጹ እዮም፡ እቶም ነዲሮምሉ ዝነበሩ ኹላቶም ከኣ ኪሐፍሩ እዮም። ኢሰ 45፣ 24
  - ብስም እቲ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ እሞ፡ ኣምላኽ ካብ ምውታት ዘተንስኦ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ፡ ብእኡ እዚ ኣብ ቅድሜኹም ጥዑየ ደው ኢሉ ኸም ዘሎ፡ ኣብ ኵላትኩምን ኣብ ኲሉ ህዝቢ እስራኤልን ይፈለጥ። ብእኡ ኽንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን። ግብ 4:10,12
  - ግናኸ የሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትኣምኑ፡ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ኽትረኽቡ እዩ እዚ እተጻሕፈ። የሃ 20 ፣ 31

- የሱስ ካብ ግጉይ መገድና ክንመለስን ብዘይክኡ መድሓኒ ከም ዘየለን እናነገረ ብሕያውነቱ ይሕግዘና።
  - የሱስ ከኣ፥ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን። የሃ 14፣ 6
  - ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ በሎም፥ …እቲ ደገ ኣነ እየ። ብኣይ ዚኣቱ ኪድሕን፡ ኪኣቱን ኪወጽእን መጓሰዩውን ኪረክብ እዩ። የሃ 10፣ 7,9
  - ሽዑ የሱስ፡ ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚሰዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ተዛረቦም። የሃ 8፣ 12
  - ኣነ ምዃነይ እንተ ዘይኣመንኩም፡ ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም እሞ፡ ስለዚ እየ፡ ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም፡ ዝበልኩኹም፡ በሎም። የሃ 8፣ 24

- እግዚኣብሄር ተመን ኣስራዚ ክስቀል ዝኣዘዘ። እዚ ድማ ምልክት ናይ የሱስ ሓጢኣትና ኣብ መስቀል ምጻሩ እዩ። ክንድሕን ናብ መስቀል ምጥማት ጥራይ እዩ ዘድልየና [ብእኡ ክንኣምን] ]።
  - ሙሴ ኸኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ፡ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኰነ ኸኣ፡ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኸሰ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ምስ ዚጥምት ይሐዊ ነበረ። ዘህ 21፣ 9
  - የሱስ ድማ መሊሱ በሎ፥ ንስኻ መምህር እስራኤል ኢኻ፡ እዚዶ ኣይትፈልጥን፧ ብእኡ ዚኣምን ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ። የሃ 3:10,14-15
  - ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ። የሃ 6፣40
  - ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ካልእ ከኣ የልቦን እሞ፡ ኣቱም ወሰናት ምድሪ ኹላትኩም፡ ናባይ ተመለሱ ድሐኑውን። ኢሰ 45 ፣22
  - ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ ኽንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጾሮ፡ ብቕስሉ ኢኹም ዝሐዌኹም። 1ጴጥ 2፣ 24

## 8 የሱስ ዝገበሮ ኵሉ ንኣና እዩ

- የሱስ ዝሰርሖ ኩሉ ምድሓን ንኣና እዩ፣ ዋላ ሓንቲውን ትኹን ንውስኹሉ ወይ ንምልኣሉ የለን።
    - ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ፡ ኵሉውን ብሓይሊ ቓሉ ጸዊሩ ኸሎስ፡ ምንጻህ ሓጢኣትና ምስ ገበረ፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ። እብ1 ፣3
    - …ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ግዜ እተገልጸ። እብ 9፣ 26
    - ኣምላኽ ዝገበሮ ኹሉ ንሓዋሩ ኸም ዚነብር እፈልጥ አሎኹ። ኪውሰኾ ኣይከአልን፡ ኪንከዮ ኣይከአልን፡ ኣምላኽ ከኣ፡ ሰብ ምእንቲ ኺፈርህዎ፡ ከምዚ ገበሮ። መክ 3፣ 14
    - ሽዑ ነቲ ኣእዳወይ ዝገበራኦ ኹሉ ዕዮን ነቲ እናዐየኹ ዝጸዐርኩሉ ጻዕርን ተመልከትክዎ፡ እንሆ ኸአ፡ እዚ ኹሉ ኸንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጕያይን እዩ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይሲ ረብሓ የልቦን። መክ 2፣11
    - ንስኻ ምጸዋዕካኒ፡ ኣነውን ምመለስኩልካ ነይረ፡ ነቲ ተግባር ኢድካ ምናፈቕካዮ ኔርካ። እዮ 14 ፣15
    - ኣብ ጺጋ ኣምላኽውን ንዘለኣለም ኣለም እውከል።  እዚ ስለ ዝገበርካ፣ ንሓዋሩ ኽመስግነካ፣ ስምካ ሰናይ እዩ እሞ፣ ኣብ ቅድሚ ቅዱሳንካ ኽጽበዮ እየ። መዝ 52፣ 8-9
    - ረዲኤት ሰብ ከንቱ እዩ እሞ፣ ካብቲ ተጻራሪ ርድኣና። ብኣምላኽ ንሕይል፣ ንሱውን ንተጻረርትና ኺረግጾም እዩ። መዝ 108፣ 12-13
    - ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ርድኣኒ፣ እዚ ኢድካ ምዃኑ፣ ንስኻ ኸም ዝገበርካዮ ኺፈልጡስ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ብመጠን ጺጋኻ አናግፈኒ። መዝ 109፣ 26-27
    - ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኢኻ ኣምላኸይ። ተኣምራት፡ እቲ ናይ ጥንቲ ምኽሪ፡ እምነትን ሓቅን ገርካ ኢኻ እሞ፡ ልዕል ከብለካ ንስምካውን ክውድሶ እየ።  ኢሰ 25፣ 1
    - ነቲ በቲ ንሓጥእ ዜጽድቕ ዚአምን እምበር፡ ዘይገብር ግና፡ እታ እምነቱ ንጽድቂ ትቝጸረሉ እያ። 6 ዳዊት ከኣ ነቲ፡ ኣምላኽ ብዘይግብርስ ጽድቂ ዚቈጽረሉ ሰብ ብጹእ እዩ ከም ዚበሎ፡ ሮሜ 4፣ 5-6

- የሱስ በይኑ ዝገበሮ ጥራይ ካብ ኩሉ ሕሉፍ፡ ናይ ሕጅን መጻኢን ሓጢኣትና ከድሕነና እዩ።
    - ዎ እግዚኣብሄር፡ ንኹሉ ተግባርና ንስኻ ኢኻ እትፍጽመልና እሞ፡ ሰላም እትህበና ንስኻ ኢኻ። ኢሰ 26 ፣12
    - ናብ ልዑል ኣምላኽ፣ ናብቲ ዚፍጽመለይ ኣምላኽ ኤእዊ ኣሎኹ። መዝ 57፣2

- ኣምላኽ መገዱ ፍጽምቲ እያ፡ …ንሱ ተስፋ ንዚገብርዎ ኹሎም ዋልታኦም እዩ። ብጀካ እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ መን እዩ፡ ብጀካ ኣምላኽናኸ ኸውሒ መን እዩ፡ ኣምላኽ ጽኑዕ ዕርደይ እዩ፡ ነቲ ፍጹም ድማ ብመገዱ ይመርሖ። 2 ሳሙ 22፣31-33
- ክርስቶስ ግና ነቶም ዘቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም እሞ፡ ንሱ ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ፡ እቶም ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ ዚኾኑ እናተጸበየ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ።እብ 10:12-14
- ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ። እብ 7፣ 25
- ብክርስቶስ ግና ኣብ ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ እሙንቶ ኣላትና፡ ክእለትና ኻብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ኸም ዘምጸእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሐስብ ኣይከኣለናን እዩ። 2ቆሮ 3፣ 4-5
- …ንስኻትኩምውን ብእኡ ተመሊእኩም ኣሎኹም። ቆሎ 2፣ 10
- እቲ ብኣይ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላቶ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። የሃ 6፣ 47

❖ ምድሓን ምሉእ ብምሉእን ብናጻን የሱስ ብዝሰርሖን ብሰናዩን(ብጽድቁን) ተዋሂቡ እዩ።

- መስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ይሰውኡ፣ ንግብርታቱውን ብእልልታ ይንገሩ። መዝ 107፣ 22
- ንኣይ ግና ናብ ኣምላኽ ምቕራብ ይሔሸኒ፣ ኲሉ ተግባርካ ምእንቲ ኽዘንቱስ፣ እሙንቶይ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ገበርኩ። መዝ 73፣28
- ንዑ፣ ኣምላኽ ዝገበሮ ኸኣ ርአዩ፣ ግብርታቱ ንደቂ ሰብ ዜፍርህ እዩ። መዝ 66፣5
- ዎ እግዚኣብሄር፣ ብግብርታትካ ኣሐጒስካኒ ኢኻ እሞ፣ ብዛዕባ ተግባር ኣእዳውካ እልል ክብል እየ። መዝ 92፣4
- ርሕራሔኦም ዜውርዩ ብዙሓት እዮም፡ ግናኸ ንእሙን ሰብ መን ይረኽቦ ምሳ 20 ፣6
- ዎ ኣምላኽ፣ ብኣኻ እውከል ኣሎኹ …ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፣ ብዘይ ንስኻስ ሰናይ የብለይን፣ ኢለዮ።መዝ 16:1-2
- …እግዚኣብሄር ኣምላኾም ንህዝቡ ኸም መጓሰ ኼድሕኖም እዩ። ሰናዩ ኽንደይ ዓብዩ፣ ጽባቐኡስ ክንደይ ዓብዩ እዩ። ዘካ 9፣ 16-17
- ነቶም ዚፈርሁኻ ዝዐቘርካሎም፣ ነቶም ኣባኻ ዚምሕጸኑ፣ ኣብ ቅድሚ ደቂ ሰብ ዘዳሎኻዮ ለውሃትካ ኽንደይ ዓብዩ እዩ። መዝ 31:19
- እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፣ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። መዝ136፣1
- …ህዝበይ ከኣ ብበረኸተይ ኪጸግብ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። እር 31፣ 14
- …የሱስ ግና፥ ናብ ቤትካ ተመለስ፡ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ዓብዩ ግብሪ ኸም ዝገበርልካ ንገር፡ ኢሉ ሰደዶ። ሉቃ 8፣ 38-39

❖ ንሕና ናይገዛእ ርእስና ጽድቂ የብልናን ኣብ ጽድቂ ኣምላኽ ርእስና እንተኣግዚእና ግን ጽድቂ ኪህልወና ይኽእል እዩ።

- ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ኢሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ። 1 ጽጥ 3 ፣18
- ክርስቶስ ነቲ ዚኣምን ዘበለ ኹሉ መደምደምታ ሕጊ ንጽድቂ እዩ እሞ፡ ጽድቂ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጦምን ጽድቂ ርእሶም ኪተኽሉ ብምድላዮምንሲ ንርእሶም ኣብ ትሕቲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣየግዝኡን። ሮሜ 10 ፣3-4
- ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም። ማቴ 6፣ 33
- እንሆ፡ ንዳዊት ጻድቕ ጨንፈር ዘተንስኣለን መዓልትታት ይመጻ ኣለዋ። ንሱ ነጊሱ ኺገዝእ፡ ኪቕንዖ ድማ እዩ፡ ኣብታ ሃገር ከኣ ፍርድን ጽድቅን ኬውጽእ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ዚስመየሉ ስም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ጻድቅና እዩ፡ ኪኸውን እዩ። ኤር 23፣5-6
- እግዚኣብሄር ንጽድቅና ኣውጺኡልና እዩ፡ ንዑናይ ንግብሪ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣብ ጽዮን ነውርዩ። ኤር 51፣ 10
- …ኣፈይ ጸድቕኻን ምድሓንካን ኵሉ መዓልቲ ኺዘንቱ እዩ። ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ስልጣን ግብርታት ክነግር፣ ጸድቕኻ፣ ናትካ ጥራይ ክዝክር እየ። መዝ 71፣ 15-16

❖ ምድሓን ፣ብናይ እግዚኣብሄር ጸጋን ምሕረትን ዝወሃብ ናጻ ሂያብ እዩ እምበር ናትና ስራሕ ኣይኮነን። እንተተቐበልናዮ ድማ ንምካሓሉ ምክንያት የብልናን ብኸምኡ እንቕበሎ እዩ።

- ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዝኤ፡ እቶም ትርፊ ጸጋን ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም። ሮሜ 5፣17
- ስለቲ ዘይንገር ውህበት ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። 2ቆሮ 9፣15
- ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኰነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካባኻትኩም ኣይኰነን። ኤፌ 2፣ 8-9
- … ደው በሉ፡ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ሎሚ ዚገብረልኩም ርኣዩ። እግዚኣብሄር ኪዋጋኣልኩም እዩ እሞ፡ ህድኡ፡ በሎም። ዘጽ 14 ፣13-15
- ብእኡ ብደሙ ምድሓን፡ ማለት፡ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና። ኤፌ 1፣7
- ብጸጋ ካብ ዚኸውን ግና፡ እምበኣርስከ ካብ ግብሪ ኣይኮነን። ብዘይእዝስ እቲ ጸጋውን ጸጋ ኣይከውንን። ካብ ግብሪ ካብ ዚኸውን ግና ደጊም ጸጋ ኣይኮነን። እንተዘይኮነስ እቲ ግብሪውን ግብሪ ኣይከውንን እዩ። ሮሜ 11፣6
- ንሱ ብምሕረት ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኰነን። ቲቶ 3፣ 5

❖ ሓደ ካብቶም ገበነኛታት ምስ የሱስ ተሰቒሉ ዝነበረ ኣቐድም ኣቢሉ ይጸርፎ ነበረ። ቅድሚ ሙማቱ ግን ጸጋ ኣምላኽ ረዲእዎ ልቡ ተቐየረ፡ የሱስ ድማ ከምዝደሓነ ከርኢ ኣብ ገነት ምስኡ ከምዝኸውን ነገሮ።

- ሽዑ ኽልተ ኸተርቲ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ ድማ ብጸጋሙ፡ ምስኡ ሰቐሉ። ...እቶም ምስኡ እተሰቕሉ ኸተርቲውን ከምኡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ። ማቴ 27፥38, 44
- ካብቶም እተሰቕሉ ገበርቲ ኽፉእውን ሓደ፥ ንስኻ ክርስቶስ እንተ ዄንካ፡ ንርእስኻን ንኣናን ኣድሕን፡ ኢሉ የላግጸሉ ነበረ። እቲ ኻልኣዩ ግና፥ ኣታ ኣብዚ ኸምዚ ዝበለ ፍርዲ ኽሎኻስ፡ ኣምላኽዶ ኣይትፈርህን ኢኻ፧ ንሕናስ ብሓቂ ብግብርና ዚግብኣና ተፈዴና፡ እዚ ግና ሓንቲ ኽፍእቲ እኳ ኣይገበረን፡ ኢሉ ገንሖ። ንየሱስ ከኣ፥ ጐይታይ፡ ብመንግስትኻ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ፡ በሎ። የሱስ ድማ፥ ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን፡ ብሓቂ እብለካ አሎኹ፡ በሎ። ሉቃ 23 ፣ 39-43

❖ የሱስ ኣብ መስቀል ኮይኑ ብእተዛረቦ ቃል፡ ብፍቕሩ ናይ ምድሓንና ዕዮ ምሉእ ብምሉእ ከምዝፈጸሞ የርኢ።

- የሱስ ከኣ ነቲ መጺጽ ዝመልኤ ምስ ጠዐመ፥ ተፈጸመ፡ በለ። ርእሱ ኣድኒኑ፡ ነፍሱውን ወጸት። የሃ 19 ፥30
- ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ፥ ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ አሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና። ገላ 3፣ 13
- *ዎ ጐይታይ፡ ንነገር ነፍሰይ ተጣበቕካ፡ ንህይወተይ ተበጀኻ። ዶግ ኤር 3፣ 58*

❖ ትንሳኤ ናይ የሱስ ዘርእየና እንተሎ ብዘይ ሓጢኣት ኣብዚ ምድሪ ይነብር ምንባሩን፡ ብሰንኪ ሓጢኣትና ኣባና ኪወርድ ዝነበሮ ፍርዲ ኪስከም ቅቡል ወይ ቡቑዕ ከምዀነን እዩ።

- ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በጃ ተዋህበ፡ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ። ሮሜ 4 ፥25
- ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተ ዀይኑስ፡ እምነትኩም ከንቱ እያ፡ ንስኻትኩም ገና ኣብ ሓጢኣትኩም ኣሎኹም። ሕጂ ግና ክርስቶስ፡ ...ካብ ምዉታት ተንስኤ። 1 ቆሮ 15፣ 17፣ 20
- እቲ ንዘይሓልፍን ዘይረክስን ዘይጽምሉን ኣብ ሰማያት ተኣርኒብልኩም ዘሎ ርስቲ፡ ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብዝሒ ምሕረት ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ዝወለደና ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይባረኽ፡ 1 ጵጥ 1፥3
- የሱስ ከኣ፡ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ ሞተ እኳ፡ ብህይወት ኪነብር እዩ። የሃ 11፣ 25

## 9 ኣብ ንየሱስ ምእማን ዘሎ ምቑሉልነት

❖ ናይ እግዚኣብሄር ምድሓን ጥዑም ብስራት ተባሂሉውን ይጽዋዓ እዩ። ምኽንያቱ ብርእስና ብቑዓት ምዃን ዘይኮነስ ብየሱስ ምእማንን ብእኡ ምውካልን እዩ ዘድልየና።

- ግናኸ ከምቲ ተመን ብጒርሑ ንሄዋን ዘስሐታ፡ ከምኡውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዚኸውን ገርህነትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጥፍእ እፈርህ ኣሎኹ። 2 ቆሮ 11 ፣ 3
- ስለዚ ንሳቶም፥ ግብሪ ኣምላክ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር፡ በልዎ።  የሱስ ከኣ ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ፡ በሎም። የሃ 6፣ 28-29
- ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ብስሙ ሕድገት ሓጢኣት ከም ዚረኽብ፡ ኲሎም ነብያት ይምስክሩሉ ኣለዉ። ግብ 10 ፣43
- ከም ናይ ክርስቶስ ዘይኰነስ፡ ብልማድ ሰብ፡ ከም ምህሮ ቍልዕነት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ብጥበብ ዓለምን ብኸንቱ ምጥባርን ሓደ እኳ ኸይማርኸኩምሲ፡ ተጠንቀቑ። ቆሎ 2፣ 8
- ሰብ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ እምበር፡ ብግብሪ ሕጊ ኸም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፡ ኵሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝኾነ፡ ንሕና ኸኣ ብግብሪ ሕጊ ዘይኰነስ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ኽንጸድቕ ብክርስቶስ የሱስ ኣመንና። ገላ 2፣16
- ኲሉ ምድሪ፡ ንእግዚኣብሄር ዘምሩ፡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ምድሓኑ ኣበስሩ። 1 ዜና16፣ 23

❖ ገለ ሰባት ነዚ ምቑሉልነት(ቀሊልነት) ናይ ወንጌል ብምዝንባዕ ንኽንድሕን ወይ ኣብምድሓንና ንኽንጸንዕ ኪግበሩ ዝግብኦም ነገራት ይውስኹሉ።

- ቃል ኣምላኽ ብዘሎ ኸሉዕ እዩ፡ ንሱ ነቶም ናብኡ ዚዕቈቡ ዋልታኦም እዩ። ከይዘልፈካ፡ ሓሳዊ ዄንካ ኸኣ ከይትርከብሲ፡ ናብ ቃሉ ሓንቲ እኳ ኣይትወስኽ። ምሳ 30፣ 5-6
- እትጠልምን ዘይትዝክርንን፡ ኣብ ልብኺ ዘይትሐስብዮንሲ፡ መን እዩ ዘሰምበደክን ዘፍርሃክን …እምበኣር ኣነስ ጽድቕኽን ግብርኽን ክነግር እየ፡ ገለ እኳ ኣይኪጠቕመክን እዩ። ኢሰ 57፣ 11-12
- ስለዚ ድማ ኣነ ኸምቲ ንፋስ በረኻ ዝበቈጾ ብቝቡቝ ክዘርዎም እየ።  ንኣይ ረሲዕክኒ፡ ኣብ ሓሶት ከኣ ተወኪልኪ ኢኺ እሞ፡ ግዴኺ፡ እቲ ኣነ ዝኸፈልኩልኪ ኽፍሊ፡ እዚ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር።  ስለዚ ሓፍረትኪ ኺርኤ፡ ዘፈር ክዳንኪ ኽሳዕ ገጽኪ ክኽብክብ እየ። ኤር 13፣ 24-26
- ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም ከምዚ ቐልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ ኣሎ።  እዚውን ገለ ዜዕገርግሩኹምን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ኪልውጥዎ ዚደልዩን ከም ዘለዉ ማለት እዩ እምበር፡ ካልእ ወንጌልሲ ኣይኰነን። ግናኸ ንሕና እኳ እንተ ኾንና ወይስ መልኣኽ ካብ ሰማይ፡ ብዘይ እዚ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ወንጌል ካልእ ወንጌል እንተ ሰበኸልኩም፡ ንሱ ውጉዝ ይኹን። ገላ 1፣ 6-8

❖ ሓጢኣት ምምላኽ ጣኦት ነዚ የጠቃልል፣ ንገዛእ ርእስካ (ፍጡር) ምምላኽ፡ ማለት ንስራሕና ካብ ዕዮ ኣምላኽ (ፈጣሪ)ንላዕሊ ሚዛን ብምሃብ።

- ሃገሮም ድማ ጣኦታት ምሉእ እዩ፡ንግብሪ ኣእዳዎም፡ ነቲ ኣጻብዖም ዝገበራኦ ይሰግድሉ። ኢሰ 2፤8
- ብሰሪ ኹሉ ኽፍኣቶም ንኣይ ስለ ዝሐደጉን ንኻልኦት ኣማልኽቲ ዕጣን ስለ ዝዐጠኑን ንግብሪ ኢዶም ስለ ዝሰገዱን፡ ፍርደይ ክነግሮም እየ። ኤር 1 ፤16
- ነቲ ሓቂ ኣምላኽ ናብ ሓሶት ስለ ዝለወጥዎ፡ ኣብ ክንዲ ፈጣሪ፡ንሱ ንዘለኣለም እተባረኸ ብእዩ፡ ኣሜን፡ንፍጡር ስለ ዘምለኹን ዘገልገሉን፡ … ሮሜ 1፣ 25
- ኣብ ከንቱነት ይውከሉ፡ ሓሶት ከኣ ይዛረቡ። ኢሰ 59 ፤4
- ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣሕለለወት፣ ንእግዚኣብሄር ዘከርክዎ፣ ጸሎተይ ናባኻ፣ ናብቲ ቅዱስ መቕደስካ ኣተወ። እቶም ናብ ሓሰውቲ ኽንቱነት ዜድህቡ፣ ጸጋኦም ይሐድጉ… ምድሓን ካብ እግዚኣብሄር እዩ። ዮና 2 ፤8-9

❖ ብገዛእ ርእስና ንምካሓሉ ወይ ዘበርከትናሉ ናይ እግዚኣብሄር ምድሓን የልቦን። እኳ ደኣ ናይ ስጋና ርእሰ ተኣማንነት ክግረዝ ጥራይ ኣዩ ዘለዎ

- እቶም ንሰብ ብስጋ ባህ ኬብሉ ዜደልዩ ዘበሉ ኹላቶም …እዮም ክትግዘሩ ብግዲ ዚብልኹም ዘለዉ። 13 ንሳቶም ብስጋኹም ምእንቲ ኺምከሑ፡ ክትግዘሩ ይደልዩኹም አለዉ … ብክርስቶስ የሱስ እቲ ሓድሽ ፍጥረት ደኣ እዩ እምበር፡ ግዝረት ኰነ ወይስ ዘይግዝረት ሓደ ግዛዕ የብሉን። ገላ 6 ፤12-15
- ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ። 2ቆሮ 5፣ 17
- ንሕና ንኣምላኽ ብመንፈስ እነገልግሎ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ተመኪሕናውን ብስጋ ዘይንእመን ግዝረት ንሕና ኢና፡ ፊሊ 3፤3
- እምበኣርሲ ንስኻትኩም ዕልቦ ልብኹም ግዘሩ፡ ክሳድኩምውን ደጊም ኣይተትርሩ። ዘዳ 10 ፤16

❖ እግዚኣብሄር ንብፈረስ ምግላብ ከም ምሳሌ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምውካል እዩ ዝጥቀመሉ። ስለዚ ከምኡ ብምግባርና ክስዕብ ንዠኽእል ሳዐቤን የጠንቅቐና።

- እቶም ረዲኤት ደልዮም ናብ ግብጺ ዚወርዱ፡ እምንቶኦም በፍራስ ዚገብሩ…ወይለኦም። ናብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ግና ኣይጥምቱን፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣይደልይዎን። እምበኣርከ ግብጻውያንሲ ሰብ እዮም፡ ኣምላኽ ኣይኰኑን፡ ኣፍራሶም ከኣ ስጋ እዮም፡ መንፈስ ኣይኰኑን። ኢሰ 31፣ 1, 3
- መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር፡ ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፡ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን። ዮሃ 6፣ 63
- ሽዑ ንሱ መለሱ፣ እዚ እቲ ንዘሩባቤል ዚኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እምበር፣ ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኰነን፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐያት ሰራዊት።ዘካ 4 ፤6

- ፈረስ ንምድሓን ከንቱ እዩ፣ ብዓብዪ ሓይሉ ኣየናግፍን። እንሆ፣ ንነፍሶም ካብ ሞት ከተናግፋ፣ ብዘመን ጥሜትውን ብህይወት ከተንብሮም፣ ዓይኒ እግዚኣብሄር ናብቶም ዚፈርህዎ፣ ናብቶም ብምሕረቱ ተስፋ ዚገብሩ እያ። መዝ 33፣ 17-19
- ስለምንታይ ደኣ እዚ ህዝቢ የሩሳሌም ብናይ ሓዋሩ ጥልመት ዚጠልም ኣብ ተንኰል ይጸንዑ ምምላስውን ይኣብዩ። ጽን ኢለ ሰማዕኩ፡ ቅንዕና ኣይዛረቡን፡ ካብ ክፍኣቱ ዚጠዐስ፡ እንታይ እየ ዝገበርክዎ ኸኣ ዚብል የልቦን፡ ከምቲ ናብ ኲናት ዚፋንን ፈረስ ነፍሲ ወከፍ ይጐዩ ኣሎ። ኤር 8፣ 5-6
- ንሓይሊ ፈረስ ኣይብህጎን፣ በእጋር ሰብ ኣይሕጎስን፣ እግዚኣብሄር በቶም ዚፈርህዎ፣ ንጸጋኡውን ዚጽበዩ ይሕጐስ። መዝ 147፣ 10-11
- ዎ እስራኤል፣ ብኣበሳኻ ወዲቕካ ኢኻ እሞ፣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተመለስ። ምሳኻትኩም ቃላት ውሰዱ፣ ናብ እግዚኣብሄር ድማ ተመለሱ እሞ፣ ኲሉ ኣበሳና ይቕረ በለልና፣ ሰናይ ከኣ ተቐበል ...ኣብ ኣፍራስ ኣይንውጣሕን፣ ድሕርዚውን ንዕዮ ኣእዳውና ኣምላኽና ኣይክንብሎን ኢና። ሆሴ 14፣ 1-3
- ... ንሱ ኣዝዩ ክቡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር እዝምር ኣሎኹ። ንፈረስን ፈረሰኛን ናብ ባሕሪ ደርበዮም። እግዚኣብሄር ሓይለይን መዝሙረይን እዩ፡ ምድሓን ከኣ ኰነኒ። እዚ ኣምላኸይ እዩ እሞ፡ ከክብሮ እየ። ዘጽ 15፣ 1-2
- ገሊኣቶም ብሰረገላታት ገሊኣቶምውን በፍራስ ይእመኑ፣ ንሕና ግና ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንዝክሮ ኢና። መዝ 20፣ 7

❖ እግዚኣብሄር ስለዘፍቀረናን ዝፈጠረናን ኩሉና ዋጋ ኣለና። ግን እግዚኣብሄር ትዐቢትን ኣብ ገዛእ ርስኻ ምእማን ይጽልእ እዩ። ስለዚ ትውክልትና ኣብኡ ክኸውን ኣለዎ።

- ኣነውን ትዕቢትን ትምክሕትን ክፉእ ኣካይዳን ቈናን ኣፍን እጸልእ እየ። ምሳ 8 ፣13
- ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወጽእ እዩ እሞ፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ ዝሙት፡ ስስዔ፡ ክፍኣት፡ ጕርሒ፡ ቅለት፡ ቅንኣት፡ ጸርፊ፡ ኲርዓት፡ ዕሽነት። እዚ ኹሉ ኽፉእ ካብ ውሽጢ እዩ ዚወጽእ፡ ንሰብ ከኣ የርክሶ። ማር 7፣ 21-23
- ንሰብ ትዕቢት የዋርዶ፡ ብመንፈሱ ትሑት ዝኾነ ግና ክብረት ይረክብ። ምሳ 29፣ 23
- ንውርደት ትዕቢት ትቕድማ፡ ንውድቀት ከኣ ኲርዓት። ምሳ 16፣ 18
- ንሰብ ቅንዕቲ ትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት እዩ። ምሳ 14 ፣12
- እንሆ፣ ነፍሱ ተነፊሓ ኣብኣውን ዘይቅንዕቲ እያ። ጻድቕ ግና ብእምነቱ ይነብር። እንባ 2፣ 4
- ኣታ ኣምላኽ ምድሓንና፣ ንኹሉ ወሰናት ምድርን ንርሑቕ ባሕርታትን መዕቈቢ ዝኾንካ፣ ስልጣን ተዐጢቕካ፣ ብሓይልኻ ነኸራን ዘጽናዕካ፣ ህማም ባሕርታት፣ ህማም ማዕበላቱ፣ ወኻዕታ ኣህዛብ እተህድእ፣ ብዜፍርህ ነገር ብጽድቂ ኽትመልሰልና ኢኻ። መዝ 65፣ 5

- የሱስ ብዛዕባ ክልተ ሰባት ሓደ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዝውከል ፣ ሓደ ደማ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ምሕረት ዝውከል፣ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ምሂሩ።
  - ንሓያሎ ጻድቃን ምዃኖም ብርእሶም ዚእመኑ ንኻልኦትውን ዚንዕቁ ዝነበሩ ድማ፡ እዚ ምስላዚ በሎም፥ ክልተ ሰብኣይ፡ እቲ ሓደ ፈሪሳዊ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ተጋዊ፡ ኪጽልዩ ናብ ቤት መቕደስ ደየቡ። እቲ ፈሪሳዊ ደው ኢሉ ብልቡ፥ ዎ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰሰሙን ክልተ መዓልቲ እጾውም፡ ካብ ኵሉ ገንዘበይ ከኣ ዕሽር ኤውጽእ፡ ከምቶም ካልኦት ሰባት፡ ከተርቲ፡ ዓመጽቲ፡ ዘመውቲ፡ ወይ ከምዚ ተጋዊ እዚ ስለ ዘይኰንኩ፡ ኤምስግነካ አሎኹ፡ ኢሉ ጸለየ። እቲ ተጋዊ ግና ኣብ ርሑቕ ደው ኢሉ ንኣይ ንሓጥእ ምሐረኒ፡ እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቅዕ ነበረ እምበር፡ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኬብል እኳ ኣይደፈረን። ርእሱ ልዕል ዜብል ኵሉ ይዋረድ፡ ርእሱ ዜትሕት ግና ልዕል ይብል እዩ እሞ፡ እዚ ሓለፋ እቲ ጸዲቑ ናብ ቤቱ ኸም ዝወረደ፡ እብለኩም አሎኹ። ሉቃ 18 ፣ 9-14

- ንሕና ፍቃድ እግዚኣብሄር ክንገብር ፣ ኣብቲ የሱስ ዝሰርሖ ፣ ዝወደኦ ክንኣምን እምበር ኣብቲ ንሕና ዝሰራሕናዮ ክንኣምን የብልናን።
  - ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር እምበር፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ዚብለኒ ኹሉ፡ መንግስተ ሰማይ ዚኣቱ ኣይኰነን። በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ብስምካ እተነበናዶ ኣይኰናን፧ ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን፧ ብስምካስ ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን፧ ኪብሉኒ እዮም። ሽው ኣነ፡ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ከቶ ኣይፈልጥኩኹምን፡ ካባይ ርሐቑ፡ ክብሎም እየ። ማቴ 7፣ 21-23

# 10 ገነትን ገሃነምን

- ገሃነም [ ሕጂ ሲኦል ድሓር ድማ ቀላይ ሓዊ] ንሰይጣንን ንኹሎም ንእግዚኣብሄር ዝነጽግዎን ናይ ምወዳእታኦም ቦታ እዩ።
  - ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዝጓዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር አሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ። 1 ጴጥ 5፣ 8
  - እቲ ዘስሓቶም ድያብሎስውን ናብቲ እቲ ኣራዊትን እቲ ነብዩ ሓሶትን እተደርበይዎ ቐላይ ሓውን ዲንን ተደርበየ። ንዘለኣለመ ኣለም ከኣ ለይትን መዓልትን ኪሳቐዩ እዮም። ራኢ 20 ፣10
  - ኮነ ድማእቲ ድኻ ምስ ሞተ፡ መላእኽቲ ናብ ሕቑፊ ኣብርሃም ወሰድዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ሞተ ተቐብረውን። ኣብ ሲኦል ኣብ ስቓይ ኰይኑ፡ ዓይኑ ቛሕ ኣቢሉ፡ ንኣብርሃም ኣብ ርሑቕ፡ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቑፉ ረኣየ። ጸዊዑ ኸኣ፥ ዎ ኣቦይ ኣብርሃም፡ በዚ ሃልሃልታዚ እስቀ አሎኹ እሞ ምሓረኒ፡ ኣንፈ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ኬዝሕለለይ፡ ንኣልኣዛር ስደደለይ፡ በሎ። ሉቃ 16፣ 22-24

- ትኪ ስቓዮምውን ንዘለኣለም ኣለም ይወጽእ፡ እቶም ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ዚሰግዱ ዘለዉ፡ ሓደ ኸኣ ማሕተም ስሙ እንተ ተቐበለ፡ ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ የብሎምን። ራኢ 14 11

❖ ንሕና ግና ናይ እግዚኣብሄር ምድሓን እንተ ተቐቢልና ካብዚ ኩሉ መከራ ድሒንና ኢና።ከምኡውን ዘልኣለማዊ ሓጎስን ሰላምን ምስኡ ኣብ መንግስቲ ኣምላክ [ ሓድሽ ምድሪ] ኪህልወና እዩ።

- ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ …ብጽድቅኻ ኣናግፈንን ባልሃንን። መዝ 71 ፣ 1-2
- ንሞት ንሓዋሩ ኺውሕጦ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንንብዓት ካብ ገጽ ኩሎም ኪደርዞ እዩ። ኢሰ 25፣ 8
- ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቐዳማይ ሐሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጫውጫው፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ራኢ 21 ፣4
- እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኬብርሃሎም፡ …ድሕሪ ደጊምሲ ለይቲ ኣይኪኸውንን፡ ብርሃን ቀንዴልን ብርሃን ጸሓይንውን ኣይኬድልዮምን እዩ። ራኢ 22፣ 5
- እንሆ፡ ኣነ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክፈጥር እየ እሞ፡ እቲ ናይ ቀደም ኣይኪሕሰብን እዩ።
- ግናኸ እንሆ፡ የሩሳሌም ንእልልታ፡ ህዝባ ኸኣ ንሓጐስ ክፈጥር እየ እሞ፡ በቲ ኣነ ዝፈጥሮስ ክሕጐሱን ንዘለኣለም ደስ ኪብለኩምን እዩ።ኢሰ 65:17-18
- ማሕደረይ ምሳታቶም ኪኸውን እዩ፣ ኣነ ኸኣ ኣምላኾም ኪኸውን እየ፣ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም። ህዝ 37፣ 27
- እቲ ቐዳማይ ሰማይን እታ ቐዳመይቲ ምድርን ሐሊፎም።ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ። ራኢ 21፣ 1,3
- ንሕና ግና፡ ከምቲ ተስፋኡ፡ ጽድቂ ዚነብረሉ ሓድሽ ሰማያት ሓድሽ ምድርን ንጽበ ኣሎና። 2 ጵጥ 3 ፣13
- ብክርስቶስ የሱስ ዘሎኹም ኵላትኩም ሰላም ይሀልኹም። ኣሜን። 1 ጵጥ 5፣ 14
- እምብኣርስ ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ብዅሉ ወገን፡ ኵሉ ሳዕ ሰላም ይሃብኩም። 2 ተሰ 3፣ 16

## 11 መሰእዋትን ሕግን

❖ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣይደልን እዩ። መሰዋእቲ፡ ሓጢኣት ማዕረ ክንደይ ከቢድ ከምዝኾነን መድሓኒ ከምዘድልን ንምዝካር እዩ።

- ንመስዋእትን መባእን ባህጉ የብልካን፤ …መስዋእቲ ምሕራርን መስዋእቲ ሓጢኣትን ኣይትደልን ኢኻ። መዝ 40፤ 6
- ብዝሒ መስዋእትታትኩም እንታይ ኢለዮ ይብል እግዚኣብሄር፡ …ደም ዝራብዓትን ገናሽልን ድቤላታትን ባህ ኣየብለንን እዩ። … ከንቱ መስዋእቲ ብልዒ ኣይተምጽኡ፡ ..ኣበሳ ..ኣይዕገሶን እየ። ኢሰ 1 ፤11,13
- ኣነስ ምሕረት እየ ዝፈቱ፤ መስዋእቲ ኣይኰነን፤ ካብ ዚሐርር መስዋእቲ ድማ ፍልጠት ኣምላኽ እፈቱ። ህሴ 6፤ 6
- እቲ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ዝገበረ ኣምላኽ፡ ንሱ ጐይታ ሰማይን ምድርን እዩ እሞ፡ ብኢድ ኣብ እተሀንጸ መቓድስ ኣይሐድርን እዩ። ንሱ ህይወትን ትንፋስን ኲሉ ነገርን ንዅሉ ዚህብ እዩ፡ ገለ ኽም ዚጨንቆ ኢድ ሰብ ኣየገልግሎን እዩ። ግብ 17፤ 24-25

❖ ፍጹም ዝኾነ መስዋእቲ ዝሕረየሉ ዝነበረ ምኽንያት፡ ሓጢኣት ዘይገበረ መድሓኒ የሱስ ክርስቶስ እቲ እንኮ ቅቡል መስዋእቲ ከምዘድልየና ንምርኣይ እዩ።

- ጐደሎ ዘለዎ ዘበለ ግና ኣይፍተወልኩምን እዩ እሞ፡ ኣይተቕርብዎ። ዝኾነ ሰብ ድማ ንምፍጻም መብጽዓ ወይ መስዋእቲ ፍቓድ፡ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስጋና፡ ካብ ማል ኰነ ወይ ካብ ጤለበጊዕ፡ ምስ ዜቕርብ፡ ..ጐደሎ ዜብሉ ይኹን፡ ገለ እኳ ጐደሎ ኣይሀልዎ። ዘለ 22፤ 20-21
- ጐደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ዘጽ 12፤ 5
- ካብቲ ኻብ ኣቦታትኩም እተቐበልኩምዎ ኸንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል፡ ብኽቡር ደም ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሐንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም። 1 ጵጥ 1፤ 18-19
- ንጽብሒቱ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ረኣየ እሞ፥ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ። ዮሃ 1:29
- ንሱ ንሓጢኣት ኬርሕቕ ኢሉ ኸም እተገልጸ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን። 1 የሃ 3፤ 5
- ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ፡ ብዅሉ ኽምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ እምበር፡ ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ኻህናት የብልናን እሞ፡ ብሰማያት ዝሐለፈ ዓብዩ ሊቀ ኻህናት፡ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወናስ፡ ምእማንና ነጽንዕ። ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቕበል፡ ብጊዜ ጸበባውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ። እብ 4 ፤15-16

❖ እግዚኣብሄር ካብ መስዋእቲ (ጽቡቕ ኢልና እንሓስቦ ግብሪ) ንስሓ (ሓጢኣትና ምእማንን ብየሱስ ምእማንን) ይደሊ።

- ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እንታይ ሒዘ ክመጽእ ከመይ ገይረኸ ኣብ ቅድሚ ልዑል ኣምላኽ ክሰግድ እየ፣ ዚሐርር መስዋእትን …ክቕርብዶ ናብ ቅድሚኡ ኽመጽእ እየ፣ እግዚኣብሄርዶ በሽሓት ደዓውልን በእላፋት ወሓይዝ ዘይትን ባህ ይብሎ እዩ ስለ በደለይ በዅሪ ወደይ፣ ስለ ሓጢኣት ነፍሰይ ከኣ ፍረ ኸርሰይዶ ኽውፌ እየ ኣታ ሰብ፣ ንሱ ሰናይ ዘበለ ኣፍለጠካ። ሚል 6፣ 6-8
- መስዋእቲ ባህ ኣየብለካን እዩ፣ እንተ ዘይኰነስ መቕረብኩልካ ነይረ፣ ንመስዋእቲ ምሕራር ኣይትብህጎን ኢኻ እሞ፣ መስዋእቲ ኣምላኽ ስቡር መንፈስ እዩ። ዎ ኣምላኽ፣ ንስቡርን ቅጥቁጥን ልቢ ኣይትንዕቆን ኢኻ። መዝ 51፣16-17
- ጽድቂ ሰውኡ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ድማ ተወከሉ። መዝ 4 ፣ 5
- ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ። እብ 6 ፣1
- ..ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ እናመስከርኩ። ግብ 20፣ 21

❖ ናይ ብሉይ ኪዳን ሕጊ መገዲ ምድሓን ኣይነበረን። እንታይ ደኣ መድሓኒ ከምዘድልየና ንኽንዝክር ክሕግዘና እዩ ተዋሂቡ።

- ትእዛዝ መብራህቲ እዩ፡ ሕጊ ኸኣ ብርሃን እዩ። ምሳ 6 ፣23
- ግናኸ ዅሉ ኣፍ ምእንቲ ኺዕጾ፡ ኲላ ዓለምውን ትሕቲ ፍርዲ ኣምላኽ ክትከውንሲ፡ እቲ ሕጊ ዚብሎ ዘበለ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ኸም ዚዛረቦም፡ ንፈልጥ ኢና። ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዜፍልጥ እሞ፡ ስለዚ ስጋ ዝለበሰ ዅሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ ዚጸድቕ የልቦን። ሮሜ 3፣19-20
- ንእግዚኣብሄር ስለ ዝበደልና፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣጥፊኡና። ኤር 8፣14
- …እንታይ ክንብል ኢና፡ እንታይስ ክንዛረብ፧ ከመይ ጌርናኸ ርእስና ኽነጽድቕ፧ ኣምላኽ በደል ባሮትካ ረኸበ። ዘፍ 44፣16
- ነፍሰይ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ሃዲኣ ትጽበ፣ ምድሓነይ ካብኡ ይመጽእ ኣሎ። መዝ 62 ፣1
- ነዚ ሕጊ እዚ ኣብ ቅድሚ ዅሉ እስራኤል ኣንብቦ። ምእንቲ ኺሰምዑን ኪመሃሩን እሞ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኪፈርህዎ። ዘዳ 31፣11-12
- ምሉእ ዕድሜና ምእንቲ ጽቡቕ ኪኾነልና ኸምዚ ሎሚ ዘሎናዮ ኸኣ፡ ብህይወት ኬንብረና፡ እግዚኣብሄር ነዚ ዅሉ ትእዛዛት ክንገብሮ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ድማ ክንፈርሆ ኣዘዘና። ዘዳ 6 ፣24
- ሕጊ፡ ጽላሎት እቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ከለዎ፡ መልክዕ እቲ ቑም ነገሩ ዘይኰነስ፡ በቲ በብዓመቱ ኵሉ ሳዕ ዚስውእዎ መስዋእትታት ነቶም ዜቕርብዎ ከቶ ፍጹማት ኪገብሮም ኣይከኣሎን እዩ። ግናኸ ኣብ ዓዓመት እዩ ብእኡ

መዘከርታ ሓጢኣት ዚኸውን፡ …ማለት፡ ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኬርሕቕ ኣይከአሎን እዩ። እብ 10፤1,3-4

- ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኬብጽሓና እቲ ሕጊ ቐጻዒና ኾነ። ገላ 3፤24
- እምብኣርሲ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ብእኡ ሕድገት ሓጢኣት ይንገረልኩም ከም ዘሎ፡ ካብቲ ብሕጊ ሙሴ ኽትጸድቑሉ ዘይከኣለኩም ኩሉ ነገር፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብእኡ ኸም ዚጸድቕሲ፡ ኣባኻትኩም ፍሉጥ ይኹን።  ግብ 13፤38-39

❖ ሕጊ መዓልቲ ሰንበት እተወሃበ፡ ከም ምልክት ካብ ኩሉ ስራሕና ከነዕርፍን ብስራሕ  ኣምላኽ ክንኣምንን ከምዝግባእ ከርኢ እዩ።

- ንስኻ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ቀዳሲኹም ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኽትፈልጡስ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኹምን ንውሉድ ወለዶኹም መፈለጥታ እየን እሞ፡ ስናብተይ ኣጸቢቕኩም ሐልዉ። ….ብእኣ ገለ ዕዮ ዚዐዩ ዅሉ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ እሞ፡ እቲ ዘርከሳ ሞት ይሙት። ዘፍ 31፤13-14
- ደጊም …ብሰናብቲ ዝመጽ፡ ሓደ እኳ ኣይፍረድኩም።  እዚ ነቲ ዚመጽእ ጽላሎት እዩ፡ እቲ ስጋ ግና ክርስቶስ እዩ። ቆሎ 2፤16-17
- የሱስ መለሰ በለውን፡ ኣቱም ኵልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ማቴ 11፤ 25, 28

❖ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ህዝቢ ብግብሩ ኣይደሓነን፡ እንታይ ደኣ፡ ብጸጋ ኣምላኽ፡ እቲ ዝመጽእ ምድሓን ኣምላኽ ብምእማን እምበር።

- ኣቱም ካብ ጽድቂ ዝረሐቕኩም ተረርቲ ልቢ፡ ስምዑኒ፡  ጽድቀይ ኤቕርብ ኣሎኹ፡ ንሱ ርሑቕ ኣይኮነን፡ ምድሓነይ ከኣ ኣይድንጒን። ኢሳ 46፤12-13
- እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ምድሓነይ ኪመጽእ፡ ጽድቀይ ድማ ኪግለጽ ቀረባ እዩ። ኢሳ 56፤1
- ኣነ ግና ናብ እግዚኣብሄር እጥምት፣ ንኣምላኽ ምድሓነይ ድማ ተስፋ እገብር ኣሎኹ፣ ኣምላኽይውን ኪሰምዓኒ እዩ። ሚኪ 7፤7
- ግናኸ እቲ ዚብጀወኒ ህያው ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ንሱ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኪቐውም እዩ። እዮ19፣ 25
- ኣነ ግና ብምሕረትካ እውከል ኣሎኹ፣ ልበይ ብምድሓንካ ይሕጐስ ኣሎ። መዝ13፤5
- ሃና ድማ ከምዚ ኢላ ጸለየት፡ ልበይ ብእግዚኣብሄር ይሕጐስ ኣሎ፡ … ብምድሓንካ ተሐጒሰ እየ …ብጀካኻ ኻልእ የልቦን እሞ፡ ከም እግዚኣብሄር ዝበለ ቅዱስ የልቦን፡ ከም ኣምላኽና ዝበለ ኸውሒ ኸኣ የልቦን፡ 1ሳሙ 2;1-2

- በታ መዓልቲ እቲኣ፡ እንሆ፡ ኣምላኽና እዚ እዩ፡ ተጸቢናዮ፡ ኬድሕነና ኸኣ እዩ፡ እቲ እተጸቤናዮ እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ ብምድሓኑ ንተሐጐስ ባህውን ይበለና፡ ኪበሀል እዩ። ኢሳ 25፣9

❖ ቡዙሓት ኣይሁድ ምምጻእ የሱስ ክርስቶስ ይጽበዩ ነይሮም። ከም ብዓል ስማኦንን ሃናን እቶም ንየሱስ ብህጻን ከሎ ዝርኣይዎ።

- ስምኦን ...ኣብ ኢዱ ሐቘፎ፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነ እሞ፥ ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን፡ ንህዝብኻ እስራኤልውን ክብረት ምእንቲ ኪኾውን፡ ኣብ ቅድሚ ዅሉ ህዝቢ ዘዳሎኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብረኣያስ፡ ሕጂ ኸምቲ ዘረባኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ፡ በለ።ሉቃ 2፣25, 28፣30
- ሃና ...ንኣምላኽ ኣመስገነቶ። ነቶም ምድሓን የሩሳሌም ዚጽበዩ ዅሎም ከኣ ብዛዕባኡ ተዛረበቶም። ሉቃ 2፣36 ,38

## 12 ትንቢትን ጽላሎትን

❖ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዘሎ ትንቢታት፡ የሱስ እግዚኣብሄር ወዲ ከምዝኾነን (ኣማኑኤል ማለት ኣምላኽ ምሳና) ንሱ ንሓጢኣትና ኣብ ዝባኑ ከምዝጽውርን ዘርኢ እዩ።

- ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂብና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። ኢሳ 9፣ 6
- ስለዚ እግዚኣብሄር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፡ እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ እያ፡ ስሙውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ። ኢሳ 7፣ 14
- ናብ ሰማይ ዝደየበ እሞ ዝወረደ መን እዩ ንንፋስ ኣብ ዕምኩ ዝኣከቦ መን እዩ ንማያት ኣብ ክዳኑ ዝቘጸሮ መን እዩ እንታይ እዩ ስሙ ስም ወዱኸ እንታይ እዩ እዚዶ ትፈልጥ ኢኻ ምሳ 30፣ 4
- ኲራኡ ቐልጢፉ ይነድድ እዩ እሞ፣ ከይዅሪ፣ ኣብ መገዲ ኸሎኹም ድማ ከይትጠፍኡስ፣ ንወዱ ስዐምዎ። ኣብኡ ዚምዕቈቡ ዘበሉ ዅሎም ብጹኣን እዮም። መዝ 2 ፣12
- ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቘሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና። ኲላትና ኸም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ዅላትና ኣብኡ ኣውደቐ። ኢሳ 53፣ 5—6

- እቲ ጻድቕ ባርያ ብፍልጠቱ ንብዙሓት ኬጽድቕ፡ ኣበሳኦም ድማ ባዕሉ ኺጻውር እዩ። ኢሳ 53፣11

❖ እዘን ዝስዕባ ውሑዳት ትንቢታት ናይ ቡሉይ ኪዳን ብዛዕባ የሱስ ዝተባህላ እሞ ድሕሪ  ብዙሓት ኣማኢት ዓመታት ዝተፈጸማ እየን።

- ንሳቶም ከኣ ንኣይ፣ ነቲ ዝወግእዎ ኺጥምቱ እዮም፣ …ዘካ 12 ፣10
- ሓደ ካብቶም ዓቀይቲ ግና ጐድኑ ብዀናት ወግኡ፡ ብኡብኡ ኸኣ ደምን ማይን ወጸ። የሃ 19፣34
- ግናኽ፣ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤትልሄም ኤፍራታ፣ እቲ ምውጻኡ ካብ ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝዀነ፣ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኽወጽለይ እዩ። ሚኪ 5 ፣2
- የሱስ ..ኣብ ቤተልሄም ናይ ይሁዳ ምስ ተወለደ። ማቲ 2 ፣1
- ኣቲ ጓል ጽዮን፣ ኣዚኺ ተሐጎሲ፣ ኣቲ ጓል የሩሳሌም፣ እልል በሊ፣ እንሆ ንጉስኪ፣ ንሱ ጻድቕ መድሓንን ትሑትን እዩ፣ ኣብ ኣድጊ፣ ኣብ ጻብዕ ኣድጊተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ። ዘካ  9፣ 9
- ናብ የሱስ ሒዞምዎ መጹ። ኣብቲ ጻዕብ ክዳውንቶም ጠይቂ ምስ ገበሩ ኸኣ፡ ንየሱስ ኣብኡ ኣወጥሕዎ።  ንሱ ኪኸይድ ከሎ፡ ክዳውንቶም ኣብ መገዲ ኣንጸፉ። ሉቃ 19 ፣35-36
- ዝባነይ ንገረፍቲ፡ ምዕጒርተይ ከኣ ንነጸይቲ ጸጒሪ ሀብኩ፡ ገጸይ ድማ ካብ ጸርፍን ጡፍ ምባልን ኣይከወልኩን።ኢሳ 50፣ 6
- ድሕርዚ ኣብ ገጹ ጡፍ በሉሉ። ገሊኦም ድማ ጸፍዕዎ፡ ማቲ 26፣ 67

❖ ኣብ ቡዙሕ ፍጻመታት ናይ የሱስ ጽላሎት ኣሎ።ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ካብ ታሪኽ ናይ ዮሴፍ ኣብ የሱስ ፍጻመ ዝረኸቡ ክንርኢ።

- ዮሴፍ ድማ እቲ ኽፉእ ወሬኦም ነቦኦም የምጽኣሉ ነበረ።  እቶም ኣሕዋቱ፡ …ጸልእዎ፡ ብሰላም ኪዛረብዎ ድማ ኣይከኣሉን። ዘፍ 37:2,4
- ዓለም ንኣኻትኩም ክትጸልእ ኣይከኣላን፡ ንኣይ ግና፡ ግብራ ኽፉእ ምዃኑ እምስክር እየ እሞ፡ ትጸልኣኒ እያ።  የሃ 7፣7
- ካብ ርሑቕ ድማ ረኣይዎ፡ ገና ኣባታቶም ከይቀረበ ኸኣ፡ ኪቐትልዎ ተታናኸሉ። ዘፍ 37:18
- ምስ ወግሔ፡ ኵሎም ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ ህዝብን ንየሱስ ኪቐትልዎ ተማኸሩ። ማቲ 27 ፣1
- ኣምላኽ ግና …ብዓብዪ ምድሓን ድማ ህይወትኩም ክትድሕን፡ ቀቅድሜኹም ለኣኸኒ። ዘፍ 45፣ 7
- እቲ ኣቦ ንወዱ ምድሓን ዓለም ኪኸውን ከም ዝለኣኾ፡ ንሕና ርኢና ንምስክርውን ኣሎና። 1የሃ 4፣ 4

- ኩሎም ግብጻውያን ናብ ዮሴፍ መጺኦም፡ ስለምንታይ ኣብ ቅድሜኻ ንመውት፧ ገንዘብ ተወዲኡ እዩ እሞ፡ እንጌራ ሀበና፡ በልዎ። ዘፍ 47 ፤15
- የሱስ በሎም፥ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፡ ብኣይ ዚኣምን ከቶ ኣይጸምእን እዩ። የሃ 6፤ 35

## 13 ኣዳምን ሄዋንን

❖ ኣዳምን ሄዋንን ዕርቃኖም[ውርደት ሓጢኣቶም] ብግብሪ ኢዶም ክሸፍኑ ፈቲኖም። እግዚኣብሄር ግና እቲ ባዕሉ ዘቕርቦ ጥራይ ቅቡል ከምዝኾነ ኣርኣየ።
  - ሽዑ ኣዒንቲ ኽልቲኦም ተኸፍታ፡ ጥራዮም ምዃኖም ድማ ፈለጡ። ቈጽሊ በለስ ኣላጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። ዘፍ 3፤ 7
  - እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን ደበሎ ገይሩ ኸደኖም። ዘፍ 3 ፤21

❖ ነቲ ንሓጢኣትና ብናትና ስራሕ ወይ ሰናይ ተግባር ንምሽፋን እንገብሮ ከንቱ ፈተነ ንምብራህ ዝሕግዝ ተመሳሳሊ ጥቕስታት እንሆ።
  - ዓለባኦም ክዳን ኣይከውንን፡ ብግብሮም ከኣ ኣይኪኸደኑን እዮም። ግብሮም ግብሪ እከይ እዩ፡ ኣብ ኣእዳዎም ድማ ግብሪዓመጻ ኣሎ። ኢሳ 59 ፤6
  - ገበኑ ዚኸውል ኣይሰልጦን፡ እቲ ዚናዘዘሉ እሞ ዚሐድጎ ግና ምሕረት ይረክብ። ምሳ 28 ፤13

❖ ሓጢኣትና ተኣሚንና ነቲ ጽዩቕ ጨርቅና ደርቢና ናብ የሱስ እንተድኣ መጺና ናይ ጽድቁ ልብሲ ካብኡ ክንቅበል ኢና።
  - ኩላትና ኸም ሓደ ርኹስ ኰንና፡ ብዘሎ ጽድቅና ኸኣ ከም ጽዩቕ ክዳን እዩ፡ ኩላትና ኸም ቈጽሊ ቐምሰልና፡ ኣበሳና ድማ ከም ንፋስ ይብቊጸና ኣሎ። ኢሳ 64፤ 6
  - ተንሲኡ፡ ባርኖሱ ኣውጺኡ፡ ናብ የሱስ መጸ። ማር 10 ፤50
  - ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍኤ መርዓዊ፡ ከምታ ብስልማት እተሰለመት መርዓት፡ እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፡ ብመርግፍ ጽድቂውን ኣጐልቢቡኒ እዩ እሞ፡ ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጐስ፡ ነፍሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ። ኢሳ 61፤10
  - እዚ እዩ ርስቲ ባሮት እግዚኣብሄር፡ ጽድቆምውን ካባይ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኢሳ 54 ፤17

❖ ሓጢኣት ኣብ ቅድሚ እግዚኣሄር ምእንቲ ኪገሃድ ጽዩቕ ጨርቂ ኪቕደድ እዩ። ጽድቂ ናይ የሱስ ጥራይ እዩ እቲ እንኮ ጨርቂ ጸጊዑ ዝነብር።

- ጽድቅኻ ናይ ዘለኣለም ጽድቂ እዩ። መዝ 119፣ 142
- ፍልሖ ኸም ክዳን ኪበልዮም፡ ብልዒ ኸኣ ከም ጸምሪ ኺበልዮም እዩ፡ ጽድቀይ ግና ንዘለኣለም፡ ምድሓነይውን ንውሉድ ወለዶ ኺነብር እዩ ። ኢሳ 51፣ 8
- ጥራዩ ምእንቲ ኸይከይድ ንሕፍረቱውን ከይርእይዎ፡ እቲ ዚነቅሕ ክዳኑውን ዚእርንብ ብጹእ እዩ። ራኢ 16፣ 15

❖ እንተ ደኣ ንግብርና ንርኢ ኣለና ዝደሓንና ኪመስለና ይኽእል እዩ ግን ነብስና ልብሲ ጽድቂ የሱስ ዘይብላ ኮይና ኢና እንረኽባ።

- እቲ ንጉስ ነቶም ተቐማጦ ኺርኢ ምስ ኣተወ፡ ክዳን መርዓ ዘይተኸደነ ሰብኣይ ረኣየ እሞ፡ ኣታ ዓርከይ፡ ከመይከ ኽዳን መርዓ ዜብልካ ናብዚ ኣቶኻ፧ በሎ። ንሱ ግና ኣጽቀጠ። ሽው እቲ ንጉስ ንገላዉኡ በሎም፡ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣሲርኩም፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ጸልማት ደርብይዎ። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ይኸውን። ማቴ 22፣ 11-13

## 14 ቃየልን ኣቤልን

❖ ቃየል ካብ ፍረ ተግባር የእዳዉ መስዋእቲ ኣቕሪቡ ተነጺጉ ድማ። ኣቤል በጊዕ (ምልክቱ ድማ ኣብቲ የሱስ ዝኸፍሎ መስዋእቲ እምነት ምሕዳር) ኣቕሪቡ ቅቡል ድማ ኮይኑ።

- ኣቤል ድማ ጓሳ ኣባጊዕ፡ ቃየል ከኣ ዓያዩ ምድሪ ኾነ። ..ቃየል ካብ ፍረ ምድሪ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ። ኣቤል ከኣ ካብ ብኹራት ኣባጊዑን ካብ ስብሔንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ። ናብ ቃየልን ናብ መስዋእቱን ግና ባህ ኢልዎ ኣይረኣየን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኹረየ፡ ገጹ ድማ ጸለመ። እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል፥ ስለምንታይ ኲሬኻ፧ ስለምንታይከ ገጽካ ጸለመ፧ ጽቡቕ እንተ ትገብርሲ፡ ገጽካዶ ትኽ ኣይምበለን። ዘፍ 4፣ 2-7

❖ ቃየል ኣብ ናቱ ስራሕ ኣሚኑ (ብናቱ መንገዲ) መሬት ሓሪሱ፣ ካብ ፍረ- ምድሪ (መስዋእቲ) ካብ ባዕሉ ዝሰርሖ ኣቕሪቡ።

- እከይ ከም ዝገበሩ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ ካብ ናይ ዓያሱ መስዋእቲ ሕሩድሲ ኽትሰምዕ ምቕራብ ደኣ ይሓይሽ። መክ 5፣ 1
- ንስኻ ብመገድኻ፣ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ፣ ረሲእነት ሐረስኩም፣ ኣበሳ ዐጸድኩም፣ ፍረ ሓሶት በላዕኩም። ሆሴ 10 ፣13
- ንሰብ ቅንዕቲ እትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት እዩ። ምሳ 16፣ 25

- ነቲ ሰናይ ብዘይኰነት መገዲ ደድሕሪ ሓሳብ ርእሱ ዚመላለስ ዓለወኛ ህዝቢ ምሉእ መዓልቲ ኢደይ ዘርጋሕኩሉ። ኢሳ 65 ፣ 2

❖ እንተ ደኣ ጽቡቕ ሰሪሕና (ከም ፍቓድ እግዚኣብሄር ኬድና) ብርግጽ ኣብ ኣምላኽ ቅቡላት ንኽውን እምበር ከም ቃኤል ብመርገም ካብታ ሓዳስ ምድሪ ኣይንስጎግን።

- ሕጂ ድማ ንስኻ ካብዛ ...ምድሪ ርጉም ኩን፡ ዘፍ 4 ፣11
- ድሕርዚ ኣብ ጸጋሙን ዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሓቑ፡ ናብቲ ናይ ዘለኣለም ሓዊ። ማቴ 25 ፣41
- ጻድቕ ከቶ ኣይናወጽን፡ ረሲኣን ግና ኣብታ ሃገር ኣይነብሩን እዮም። ምሳ 10፣ 30

## 15 ካብ ለምጺ እንመሃሮ ትምህርቲ

❖ እግዚኣብሄር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዜካ እቲ ቀጥታዊ ወይ ቃላዊ ትርጉም ምሳሌኣዊ ትርጉም ዘለዎም ክስተታት (ኩነታት) ኣጠቓሊሉ ኣሎ።

- ብነብያት ገይረ ምስላታት ነገርኩ። ሆሴ 12፣ 10
- ግናኸ ወዲ እታ ባርያ ኸም ናይ ስጋ ተወልደ፡ ወዲ እታ ጭዋ ግና ብናይ ተስፋ እዩ እተወልደ። እዝስ ምስሊ እዩ። ገላ 4 ፣23-24

❖ እዘን ዚስዕባ ጽሑፋት ብዛዕባ ለምጺ ኣብ ሰብ፡ ጨርቂ ወይ ገዛ ዝነግራ እየን። ግናኸ ብዛዕባ ሕማም ሓጢኣትናውን እየን ዝምህራና።

- ሽዑ እቲ ኻህን ይርአዮ፡ ... ካብቲ ቈርበት ከኣ ጕድጕዱ እንተ ተራእየ፡ ንሱ ..ለምጺ እዩ፡ ንሱ ቍስሊ ለምጺ እዩ፡ ርኹስ ምዃኑ ድማ እቲ ኻህን ይንገር። ...ንሱ ርኹስ እዩ። ንበይኑ ይቀመጥ፡ ምቕማጡ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይኹን። ዘሌ 13፣25,46
- ኣብ ክዳን ድማ፡ ...ለምጺ እንተለዎ፡ ...ኣብ ካህን ድማ ይረኤ። እቲ ኻህን ከኣ ነቲ ቍጽሊ ይርአዮ፡ ..እቲ ቍስሊ ኣብክዳን ...እንተ ለሐመ፡ እዚ ቍስልዚ በላዒ ለምጺ እዩ፡ ንሱ ርኹስ እዩ። ነቲ ኽዳን ድማ፡ ...ይንደድ። በላዒ ለምጺ እዩ እሞ፡ ብሓዊ ይንደድ። ዘሌ 13፣ 47,49-52
- እቲ ኻህን ኣትዩ ይርኣያ። እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ ኣብታ ቤት እንተ ለሐመ፡ ...ንሳ ርኽስቲ እያ። ነታ ቤት ድማ እምናን ዕጨይታን፡ ኲሉ መሬት እታ ቤትውን ኣፍሪሱ፡ ናብ ወጻኢ ኸተማ ናብ ርኹስ ቦታ ይጕሓፎ። ዘሌ 14፣ 44-45

- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናየን ጥቅስታት ብዛዕባ ለምጺ ሐደ ነገር ንርኢ። እቲ ካህን መጺኡ ለምጺ ምህላውን ዘይምህላውን ዘረጋግጽ ዘሎ ምሳሌ ናይ እግዚኣብሄር ወልድ የሱስ ክርስቶስ እዩ።
  - ብሰማያት ዝሐለፈ ዓብዪ ሊቀ ኻህናት፡ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወናስ፡ ምእማንና ነጽንዕ። እብ 4፣14
  - እቲ ንህያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጽ መንግስቱን ኤማሕጽነካ አሎኹ። 2 ጢሞ 4 ፣1
  - እቲ ምዕዶና ኸኣ ነቲ ልብና ዚምርምር ኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ባህ ከም እነብል ኣይኰንናን። 1ተሰ 2 ፣4
  - ንሱ እንተ መርመረኩምዶ ጽቡቕ እዩ ወይስ ከምቲ ንሰብ እተዐሸውዎ፡ ከተዐሸውዎዶ ኢኹም ። ግርማኡዶ ኣይኬሸብረኩምን እዩ ፍርሃቱስ ኣይኪወድቀኩምን እዩ ፣እዮ13፣9,11
  - እቶም ካህናት ከኣ፣ እወ፣ ትረክስ እያ፣ ኢሎም መለስሉ። ሃጌ ኸኣ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ እዚ ዓሌት እዚ ኸምኡ እዩ፣ ኣብ ቅድመይ እዚ ህዝቢ እዚ ኸምኡ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኵሉ ዕዮ ኣእዳዎም ከምኡ እዩ፣ እቲ ኣብኡ ዜቕርቡለይ ድማ ርኹስ እዩ። ሃጌ 2 ፣13-14

- ቀዳማይ ፍቕራዊ መጠንቀቅታ እግዚኣብሄር ፣ እቲ ለምጻም ሰብ ዘይንጹህ ምኧኑ ተኣዊጁ፣ ካብ ከተማ ወጺኡ በይኑ ኪነብር ድማ ተሰጕጕ።
  - ረሲእ ብእከዩ ይግምጠል፡ ጻድቕ ግና ኣብ ሞት እኳ ጸግዒ ኣለዎ። ምሳ 14 ፣ 32
  - ኣመንዝራ ዘበለ፡ ወይ ርኹስ፡ ወይ ስሱዕ፡ ንሱ ድማ መምለኺ ጣኦት፡ ኣብ መንግስቲ ክርስቶስን ኣምላኽን ርስቲ ኸም ዜብሉ ትፈልጡ ኣሎኹም። ብሰሪ እዚ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ቍጥዓ ኣምላኽ ይወርድ እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ብኸንቱ ዘረባ ኣየስሕትኩም። ኤፌ 5 ፣5-6
  - እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ደኣ እምበር፡ ገለ ርኽሰት ወይስ እቲ ዜፈንፍንን ሓሶትን ዚገብር ዘበለ ኸኣ ናብኣ ከቶ ኣይኪኣቱን እዩ። ራኢ 21፣ 27

- ካልኣይ ፍቅራዊ መጠንቀቅታ ናይ እግዚኣብሄር፡ እቲ ለምጺ ዝተረከቦ ጨርቂ ዘይንጹህ ምኧኑ ተኣዊጁ ፣ ኣብ ሓዊ ድማ ነዲዱ።
  - ኣብ ጽዮን ዘለው ሓጢኣተኛታት ይስምብዱ ኣለው፡ ንረሲኣን ድማ ራዕዲ ይሕዞም ኣሎ፡ ካባናስ ምስ ዚባላዕ ሓዊ ኺነብር ዚኽእል መን እዩ ካባናኸ ምስ ናይ ዘለኣለም ባርዕ ኪነብር ዚኽእል መን እዩ ፣ኢሳ 33 ፣14

- ሳልሳይ ፍቅራዊ መጠንቀቅታ ናይ እግዚኣብሄር፡ እቲ ለምጺ ዝተረኽቦ ገዛ ዘይንጹህ ምዃኑ ተኣዊጁ ፈሪሱ ኸኣ።
  - ካባይ ሀዲሞም እዮም እሞ፣ ወይለኦም። በዲሎምኒ እዮ እሞ፣ ጥፍኣት ኣብ ልዕሊኦም ይኹን። ኣነስ መድሐንክዎም፣ ንሳቶም ግና ሓሶት ተዛረቡለይ። ኣብ ምድቃሶም ኲይኖም ይበኽዩ ኣለዉ እምበር፣ ብልቦም ናባይ ኣይድህዩን። ሆሴ 7 ፣13-14
  - ስለዚ ኣምላኽ ንሓዋሩ ኼጥፍኣኪ እዩ፣ ኪሕዘኪ ኻብ ድንኳንኪውን ኪምንጥለኪ፣ ካብ ምድሪ ህያዋን ኪምሕወኪ እዩ። መዝ  52፣ 5

- እዚ ካብ ሓድሽ ኪዳን ዝተወስደ ጽሑፍ ዘርእየና ሳዐቤናት ናይ ሓዊ፣ ምዕናውን ምፍላይ ካብ ህላወ እግዚኣብሄርን እዩ።
  - በቲ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ካብ ሰማይ ምስ መላእኽቲ ስልጣኑ … ነቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጥዎን ንወንጌል ጐይታና የሱስ ዘይእዘዝዎን ብሃልሃልታ ሓዊ ሕነ ኺፈድዮም እዩ። … የሱስ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቅዱሳኑ ኪኽብርን ኣብቶም ዝኣመኑ ኺግረምን ምስ መጸ፡ ንሳቶም ብመቕጻዕቲ፡ ናይ ዘለኣለም ጥፍኣት ካብ ቅድሚ ጐይታና ክብሪ ስልጣኑን ርሒቖም፡ ኪቕጽዑ እዮም። 2ተስ 1፣ 7-10

- እግዚኣብሄር ምንጪ ኹሉ ሰናይ ነገር ስለ ዝኾነ፡ ካብ ህላወ እግዚኣብሄር ምጥፋእ ወይ ምፍላይ ማለት ካብ ሰላም ምፍላይ ማለት እዩ።
  - ንረሲኣንሲ ሰላም የብሎምን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኢሳ 48 ፣22
  - ሓሳቦም ሓሳብ እከይ እዩ፡ ጥፍኣትን ምዕናውን ኣብ መገድታቶም ኣሎ። ንመገዲ ሰላም ኣይፈልጥዋን፡ ኣብ ኣኻይዳኦም ቅንዕና የልቦን፡ ንመገድታቶም ይጠዋውይዎ፡ እቲ ብእኡ ዚኸይድ ዘበለ ንሰላም ከቶ ኣይፈልጣን። ኢሳ 59፣ 7-8

- ንሕና ንርእስና ከነንጽህ ተስፋ ዘይብልና ኢና፣ የሱስ ግን ካብ ለምጺ ሓጢኣት ከንጽሃና ይኽእል እዩ።
  - ካብቲ ርኹስሲ ንጹህ ኬውጽእ ዚኽእልዶ ኣሎ ሓደ እኳ የልቦን። እዮ 14:4
  - ንልበይ ኣጽርየዮ፡ ካብ ሓጢኣተይ ነጺሄ፡ ኪብል ዚኽእል መን እዩ፧ምሳ 20:9
  - ሓደ ለምጻም ናብኡ መጸ፡ ተምበርኪኹ ድማ፡ እንተ ትፈቱስ፡ ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ፡ እናበለ ለመኖ።  የሱስ ከኣ ደንገጸሉ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ፡ ፈትየ እሎኹ፡ ንጻህ፡ በሎ።  እዚ ምስ በለ፡ እቲ ለምጺ ብኡብኡ ሐደጎ፡ ነጽሄ ኸኣ። ማር 1፣ 40-42
  - ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፡ ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፡ ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኵሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ 1የሃ 1፣ 7

- ንሕና ንርእስና ከነቕንዕ ተስፋ ዝብሃል የብልናን። የሱስ ግን ካብ ናይ ሓጢኣት ቁናንነት ክሕውየናን ክቕንዓናን ይኽእል እዩ።
    - ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ኹሉ ኽንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጕያይን እዩ። ቈናን ኪቐንዕ ኣይከአልን፡ እተሳእነውን ኪቚጸር ኣይከአልን። መክ 1፣14-15
    - እንሆ፡ ኣብኣ ኻብ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመት ሐዚ መንፈስ ድኻም ዝሐደራ ሰበይቲ ነበረት። ንሳ ኸኣ ጐቢጣ ነበረት፡ ክትቀንዕውን ከቶ ኣይተኻእላን። የሱስ ምስ ረኣያ፡ ጸዊዑ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ ካብ ሕማምኪ ተፈቲሕኪ ኣሎኺ፡ በላ። ኢዱ ኣንበረላ፡ ብኡብኡ ቐንዔት፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነቶ። ሉቃ 13፣ 11-13
    - ዎ እግዚኣብሄር፡ ውዳሰይ ንስኻ ኢኻ እሞ፡ ኣሕውየኒ፡ ክሐዊ ድማ እየ፡ ኣድሕነኒ፡ ክድሕንውን እየ። ኤር 17 ፣14

- ንሕና ካብ ባርነትን ማእሰርትን ናይ ሓጢኣት ነጻ ክንወጽእ ተስፋ ዝብሃል የብልናን የሱስ ግን ካብ ኩሉ ነጻ  የውጽኣና።
    - ንሕና ባሮት ክነስናስ፡ ...ምሕረት መለሰልና እምበር፡ ኣምላኽና ኣብ ባርነትና ኣይሓደገናን። እዝ 9 ፣9
    - ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ...ካብ ባርነቶም ከኣ ሓራ ኽውጽኣኩም እየ፡ ብዝርግሕተ ቕልጽምን ብዓበይቲ ፍርድታትን ከድሕነኩም እየ። ዘጽ 6፣6
    - ስለዚ ወዲ ሓራ እንተ ኣውጽኣኩም፡ ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ኽትኰኑ ኢኹም። የሃ 8፣ 36
    - እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣት ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፡ ሮሜ 8፣ 2

- ደቂ ሰብ ብባህሪና ተሪር ኀራሕ ልቢ ኣለና፣ የሱስ ግና ሓድሽ ልቢ ኪህበና ይኽእል እዩ።
    - ርኽሰቱ ዘይተሐጽበስ፡ ኣነ ንጹህ እየ፡ ዚብል ወለዶ ኣሎ። ምሳ 30 ፣12
    - ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ፍርሃት እግዚኣብሄር የልቦን።  ሓጢኣቱ ኽም ዘይርከብን ዘይጽላእንሲ፣ በዒንቱ ንርእሱ ይጥብራ እዩ እሞ፣ መዝ 36 ፣1-2
    - በሎም ድማ፥ እቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዓብዪ መሲሉ ዚርኤ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፣ ፍንፉን እዩ እሞ፡ ንስካትኩም ርእስኹም ኣብ ቅድሚ ሰብ ተጽድቑ ኢኹም፡ ንልብኹም ግና ኣምላኽ ይፈልጦ እዩ። ሉቃ 16፣ 15
    - ልቢ ኻብ ኩሉ ጐራሕን ኣዝዩ ሕሱምን እዩ፡ መንከ የስተውዕሎ ኣነ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገዱ፡ ከከም ፍረ ግብሩ ምእንቲ ኽህቦ፡ ንልቢ እምርምሮ፡ ንኹላሊት ከኣ እፍትኖ። ኤር 17፣ 9-10

- ኣበሳኡ እተሐድገሉ፣ ሓጢኣቱ እተሰወረሉ ሰብ ብጹእ እዩ። እግዚኣብሄር በደሉ ዘይጽብጽበሉ፣ ኣብ መንፈሱውን ልግሚ ዜብሉ ሰብ ብጹእ እዩ። መዝ 32፣ 1-2
- ንልቢ ደቂ ሰብ እትፈልጦ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እሞ፡ … ንነፍሲ ወከፍ ልቡ እትፈልጥ፡ ከከም መገዱ ሀቦ። 2ዜና 6 ፣30
- ዎ ኣምላኽ፣ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፣ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሐድስ። መዝ 51 ፣10
- ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ ኢኹም። ካብ ኩሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኩሎም ጣኦታትኩምን ከጽርየኩም እየ። ሓድሽ ልቢ ድማክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ። ህዝ 36፣ 25-26

## 16 ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ክልተ ዓይነት ህዝቢ

❖ ንሕና ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ወይ ሓጥኣን [እምነቶም ኣብ ቅልጽሞምን ሓይሎምን ዝገብሩ] ወይ ዝጸደቑ ቅዱሳን [ እምነቶማ ብእግዚኣብሄር ዝገብሩ]ኢና።

- ንሱ ነእጋር ቅዱሳኑ ይሕልወን፡ ሰብ ብሓይሉ ኣይስዕርን እዩ እሞ፡ እቶም ረሲኣንሲ ኣብ ጸልማት ኪጠፍኡ እዮም። 1ሳሙ 2፣ 9
- ቀላጽም ረሲኣን ኪስበር እዩ፣ ንጻድቃን ግና እግዚኣብሄር ይድግፎም እዩ። መዝ 37፣ 17
- እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ኹሎም ኣህዛብ ነቲ ቅዱስ ቅልጽሙ ቐልዖ፡ ኲለን ወሰናት ምድሪ ኸኣ ምድሓን ኣምላኽና ኺርእያ እየን። ኢሳ 52፣10
- ንህዝብኻ ብቕልጽምካ ተበጀኻዮ። መዝ 77፣15
- ደጊም ሓደ እኳ ኸም ዜልቦ ረኣየ፡ ሓደ እኳ ዜማልድ ስለ እተሳእነ ተገረመ። ሽዑ ቕልጽሙ ረድኦ፡ ጽድቁውን ደገፎ። ኢሳ 59:16
- ጽድቀይ ድማ ንህዝብታት ኪፈርዱ፡ ደሴታት ኪትስፈዋኒ፡ ኣብ ቅልጽመይ ከኣ ኪውከላ እየን።ኢሳ 51:5

❖ ከምቲ ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ክልተ ዓይነት ሰባት ጥራይ ዘለዉ፣ ከማኡውን ክልተ ዓይነት ውጻኢት ኣሎ።

- እዚኣቶም ናብ ናይ ዘለኣለም ስቓይ፡ ጻድቃን ግና ናብ ዘለኣለም ህይወት ኪኸዱ እዮም። ማቲ 25፣ 46

- ትጽቢት ጻድቃን ደስታ እዩ፡ ተስፋ ረሲኣን ግና ክትጠፍእ እያ። መገዲ እግዚኣብሄር ንንጹህ እምባኡ፡ ንገበርቲ እከይ ግና ጥፍኣቶም እያ። ምሳ 10፣ 28-29
- ንፍጹም ሰብሲ ጠምቶ፣ እዚ ሰብ እዚ ዳሕራዩ ሰላም እዩ እሞ፣ ነዚ ቕኑዕ ርአዮ። በደልቲ ግና ኵላቶም ኪጠፍኡ እዮም፣ ረሲኣንውን ዳሕራዮም ኪቝረጽ እዩ። ምድሓን ጻድቃን ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ፣ ንሱ ብዘመን ጸገማ መኸወሊኦም እዩ። እግዚኣብሄር ይረድኦምን የናግፎምን፣ ናብኡ ተጸጊዖም እዮም እሞ፣ ካብ ረሲኣን የናግፎምን የድሕኖምን እዩ።መዝ 37:37-40
- ወዲ ሰብ መላእኽቱ ኺልእኽ እዩ፡ ንሳቶም ከኣ መዓንቀፍትን ዓመጽትን ንዘበሉ ዅሎም ካብ መንግስቱ ኺእክብዎም፡ ኣብ እቶን ሓዊ ኸኣ ኪድርብይዎም እዮም። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ። ሽዑ ጻድቃን ኣብታ መንግስቲ ኣቦኦም ከም ጸሓይ ኪበርሁ እዮም። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ።ማቴ 13፣41-43
- ጻድቕ ካብ ጸበባ ይድሕን፡ ረሲእ ድማ ኣብ ክንዳኡ ይኸውን። ምሳ 11:8

❖ እግዚኣብሄር ንሰብ የፍቅር እዩ። ፣ ኩሉ ሰብ ኣብ ገሃነም ክኣቱ ድሌት ዝብሃል የቡሉን ናባኡ መጺኦም ህያብ ናይ ምድሓኖም ኪቕበሉ እዩ ዝደሊ።

- የሱስ መሊሱ በሎም፥ ...ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ፡ ናባይ ክትመጹ ኣይትደልዩን ኢኹም። የሃ 5 ፣19, 40
- ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ረሲእ ካብ መገዱ ኺምለስ እሞ ብህይወት ኪነብር እምበር፣ ብሞት ረሲእ ባህ ኣይብለንን እዩ። ህዝ 33፣11
- እቶም ደቀ መዛሙርቱ ያእቆብን ዮሃንስን ከኣ ነዚ ምስ ረኣዩ፥ ጐይታይ፡ ከምቲ ኤልያስ ዝገበሮ፡ ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዱ ኬጥፍኦም ክንብልዶ ትደሊ ኢኻ፤ በሉ። ምልስ ኢሉ፥ ወዲ ሰብ ነፍሳት ሰብ ኬድሕን እምበር፡ ኬጥፍእሲ ኣይመጸን እሞ፡ ናይ ኣየናይ መንፈስ ምዃንኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ እናበለ ገንሖም። ናብ ካልእ ዓዲ ኸኣ ኸዱ። ሉቃ 9፣ 54-56

❖ ንሕና ክንውለድ ከለና ምስ ሓጥእ ባህሪና ኢና እንውለድ፡ ግን ብጽድቂ የሱስ ብምእማን ጻድቓን [ ዳግም እተወለዱ] ክንኸውን ንኽእል።

- ረሲኣን ካብ ከርሲ ወላዲቶም ጀሚሮም ኣግለሱ፣ ሓሰውቲ ኻብ ማሕጸን ወላዲቶም ጀሚሮም ተጋገዩ። መዝ 58፣ 3
- እንሆ፣ ብአበሳ ተወለድኩ፣ እኖይ ከኣ ብሓጢኣት ጠነሰትኒ። መዝ 51 ፣ 5
- የሱስ ድማ፥ ካብ ላዕሊ እንተዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ዚኽእል ከም ዜልቦ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። ።የሃ3 ፣3
- ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። 2 ቆሮ 5፣21

- ሕጂ ግና እቲ ብሕግን ነብያትን እተመስከረሉ ጽድቂ ኣምላኽ ብዘይሕጊ ተገልጸ  ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብየሱስ ክርስቶስ ንዚኣምኑ ዅላቶም እዩ፡ በዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን እሞ፡  ሮሜ 3 ፤ 21-22

❖ ብዓይኒ ምስዓብ ኪርአ እንከሎውን ክልተ ዓይነት ኣቦታት ጥራይ እዮም ዘለዉ። እንተድኣ ዳግም ተወሊድና ግን እግዚኣብሄር ኣቦና ይኸውን።

- የሱስ በሎም፥ ..ስለዚ ኣቦኹም ኣምላኽ እንተ ዚኸውንሲ፡ ንኣይ መፍቀርኩምኒ ኔርኩም። ንስኻትኩም ካብቲ ኣቦኹም ድያብሎስ ኢኹም፡ እታ ትምኒት ኣቦኹም ክትገብሩውን ትደልዩ አሎኹም። ሐሶት ኪዛረብ ከሎ፡ ካብ ርእሱ እዩ ዚዛረብ። ሓሳዊ እዩ እሞ፡ ንሓሶትውን ኣቦኣ እዩ።የሃ 8፣ 42, 44
- ንሳቶም ተባላሸውዎ፣ ደቁ ኣይኰኑን፣ ነውራማት እዮም፣ ሓረመኛን ቆናንን ወለዶ ኣዮም። ዘዳ 32 ፤5

❖ ክልተ ዓይነት እምነት ጥራይ እዩ ዘሎ፡ ወይ ኣብ ገዛእ ስራሕና ንኣምን ወይ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር ስራሕ ንኣምን።

- እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ሰብ ዚውከል፡ ቅልጽሙ ኸኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሄር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ።  ንሱ ኸም ንቑጽ ቈጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፡ …ጥዑም ምስ መጸስ፡ ኣይርእዮን። ኤር 17 ፤ 5-6
- ኣብ እግዚኣብሄር ዚውከል፡ ትጽቢቱ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሄር ዚገብር ሰብ ብሩኽ እዩ።  ንሱ ኸምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተኽለት፡ ሱራ ኣብ ርባ ኣቢሉ ዜሳፍሕ ኦም እዩ፡ ዋዒ እንተ መጸ፡ ኣይትፈርህን፡ …መዝ17 ፤ 7-8
- ኣነ ልብን ኰላሊትን ዝምርምር ምዃነይ ከኣ ብዘለዋ ማሕበራት ኪፈልጣ እየን። ንነፍሲ ወከፍኩምውን ከከም ግብርኹም ክህበኩም እየ። ራእ 2፣ 23
- እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት አላቶ፡ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ ህይወት የብሉን። 1የሃ 5፣ 12

## 17 ዘድልየና ምፍላጥ

❖ ንሕና እቲ ኣለና እንብሎ ኩሉ “ክንገድፍ ወይ ክንሸይጥ” ኣለና ፤ ምኽንያቱ እንድሕን ንሕና ብዝሰራሕናዮ ኣይኮነን። ንሕና ሰናይ ዝበሃል የብልናን፣ የሱስ ጥራይ እዩ ሰናይ።

- ስለዚ ናይቲ ዚምሕር ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ናይቲ ዚደልን ዚጐይን ኣይኰነን። ሮሜ 9 ፤16

- ኣብ መገዲ ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ ሓደ ናብኡ ጐየየ፡ ተምበርኪኹውን፡ ኣታ ሄር መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽወርስ፡ እንታይ እግበር፧ ኢሉ ሐተቶ። የሱስ ከኣ፡ ንምንታይ ሄር ትብለኒ፧ ብዘይ ሓደ ኣምላኽ ሄር የልቦን። ነቲ ትእዛዛት ትፈልጦ አሎኻ፡ ...ንሱ ኸኣ፡ መምህር፡ እዚ ዅሉስ ካብ ንእስነታይ ጀሚረ እሕልዎ አሎኹ፡ በሎ። የሱስ ከኣ ጠሚቱ ፈተዎ እሞ፡ ሓንቲ ጐዲላትካ። ኪድ፡ ዘለካ ዅሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ንዓ ስዓበኒ፡ በሎ። ንሱ ግና በዚ ቓልዚ ተኸፍኤ፡ ብዙሕ ጥሪት ነበሮ እሞ፡ እናጐሃየ ኸደ። ማር 10፣ 17-22
- ከምኡ ድማ ነፍሲ ወከፍኩም ዘለዎ ዅሉ ዘይቀበጸ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ሉቃ 14፣ 33

❖ የሱስ ከምዚ ኢሉ ሓንቲ ነገር ጎዲላትካ ኣላ ኢሉ መሊስሉ። ሓንቲ ነገር ጥራይ እዩ ዘድልየና ብየሱስ ኣሚንና ስምና ኣብ መዝገብ ሂወት ክጽሓፍ ኣለዎ።

- ዓብዪ ጻዕዳ ዝፋንን እተቐመጠን ከኣ ርኤኹ። ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ህደሙ፡ ቦታውን ኣይተረኸበሎምን። ምዉታት ድማ፡ ዓበይትን ናእሽቱን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ርኤኹ፡ መጻሕፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ፡ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት እዩ። እቶም ምዉታት ድማ፡ ከምቲ ኣብቲ መጻሕፍቲ ዝጸንሔ፡ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ዝኰነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኽበ፡ ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበየ። ራእ 20 11-12 , 15

❖ መስቀል ምጻር ማለት ሞት ናይ ትዐቢትና ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ ዝወሃብ ጽቡቕ ዝብሃል ነገር ከምዝይብልናን፣ በዚ ድማ ዘይንሓፍር ምኽንናን እዩ።

- ነቶም ህዝቢ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ ድማ በሎም፡ ዝኾነ ይኹን ደድሕረይ ኪስዕበኒ ዚደሊ እንተሎ፡ ገዛእ ርእሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ የልዕል እሞ ይስዓበኒ። ማር 8፣ 34
- ኣሕዋተየ፡ ኣነ ገና ግዝረት እሰብኽ እንተ ዝህሉ ደኣ፡ እንታይ ኢሎም ሕጂ ዚሰጉጉኒ፧ እምብኣርከ መዓንቀፊ መስቀል ተደርብዩ። ገላ 5 ፣11
- ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ...ንሱ ኸኣ መቕደስ ኪኸውን እዩ፡ ... እምኒ ምዕንቃፍን ከውሒ ምንስታትን ። ኢሳ 8 ፣13-14
- ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብጹእ እዩ። ማቴ 11:6

❖ ምድሓን እግዚኣብሄር ንኹሉ ተዳሊዩ ኣሎ። ንሕና ክንቅበሎ እንኽእል ግን ጎዲሉና ዘሎ እንታይ ምኺኑ ምስ እንፈልጥን ኣሚንና ናብኡ ብምምጻእን እዩ።

- ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና መተዓረቒ እዩ፡ ብናይ ሓጢኣት ኲላ ዓለም ድማ እዩ እምበር፡ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን። 1 የሃ 2፣2

- ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጺኡ፡ ቲቶ 2፣ 11
- በቲ ንዅሉ ሰብ፡ ምናዳ ንኣመንቲ፡ ዜድሕን ህያው ኣምላኽ ተስፋ ስለ ዝገበርና ኢና እንጻይን እንጽዕርን ዘሎና። 1 ቲሞ 4፣ 10

❖ ከም ሓጢኣተኛታት ብየሱስ ምእማን ኣዝዩ ወሳንን ውዓል ሕደር ዘየድልዮ ምዃኑን እንተድኣ ኣሚንና ንእኡ ጸዊዕና ብኡኡ ክንድሕን ኢና።

- ነቲ ዚጠርዕ ድኻን ነቲ ረዳኢ ዜብሉ መስኪንን ኬናግፎ እዩ። ንመሳኺንን ንድኻታትን ኪድንግጸሎም፣ ንነፍሲ ድኻታት ከኣ ኬድሕን እዩ። መዝ 72፣ 12-13
- ክርስቶስ የሱስ ነቶም ኣነ ዝቐዳማዮም ሓጥኣን ኬድሕን ከም ዝመጸ፡ እዚ ቓል እዚ እሙን እዩ፡ ምቕባሉውን ብዅሉ ግቡእ እዩ። ግናኸ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ናብ ዘለኣለም ህይወት ኪበጽሑ ኢሎም ብእኡ ዚኣምኑ ንኣርኣያ ዅሉ ትዕግስቱ ቐድም ኣባይ ምእንቲ ኼርኢ፡ በዚ ምኽንያት እዚ እየ ኣነ ምሕረት ዝረኸብኩ። 1ጢሞ 1፣ 15-16
- ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፡ ንሱ ኸም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፡ ኪኣምን ይግብኦ እዩ። እብ 11 ፣ 6
- ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኺድሕን እዩ፡ ንሱስ ሓደ ጐይታ እዩ፡ ነቶም ዚጽውዕዎ ዅሎምውን ሃብታም እዩ። ሮሜ 10፣ 12-13

❖ ንሕና ናይ ሓጢኣት ሕማም ከምዘለና እንተ በሪሁልና ብየሱስውን እንተ ኣሚና ሽዑ ናብኡ ንመጽእ እሞ ካብ ኩሉ ሕማምና ንፍወስ ኣይንሞትን ድማ።

- የሱስ ግና ሰሚዑ፡ ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን። ኣነ ሓጥኣን እምበር፡ ጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን እሞ፡ ምሕረት እፈቱ፡ መስዋእቲ ኣይኰነን፡ ዚብል እንታይ ምዃኑ፡ ኪዱ ተምሃሩ፡ በሎም። ማቴ 9፣ 12-13
- ጐይታየ፣ በዲለካ እየ እሞ፣ ምሐረኒ፣ ንነፍሰይ ኣሕውያ፣ በልኩ። መዝ 41፣ 4

❖ ድኽነት ናይ ጽድቂ ከምዘለና ፈሊጥና ንጽድቂ እግዚኣብሄር እንተጠሚና፡ ኣብ ሰማይ ክንስሕቕን ክንሕጎስና ኢና።

- ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን፡ ኪጸግቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም።ማቲ 5 ፣6
- ንሱ ድማ ናብ ደቀ መዛሙርቱ እናጠመተ በለ፡ ኣቱም ድኻታት፡ መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም እያ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ኣቱም ሕጂ እትጠምዩ፡ ክትጸግቡ ኢኹም እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ኣቱም ሕጂ እትበኽዩ፡ ክትስሕቁ ኢኹም እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ሉቃ 6፣ 20-21

- ኣቱም ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ ስምዑ፡ ብእምነት ኪህብትሙ ነቶም ዜፍቅርዎ ተስፋ ዘግበረላ መንግስቲ ኸኣ ኪወርሱ ኢሉዶ፡ ኣምላኽ ነቶም ድኻታት እዛ ዓለም እዚኣ ኣይሐረዮምን እዩ፧ ያቆ 2፣ 5
- ማርያም ድማ በለት ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ፡ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኽ፡ በቲ መድሓንየይ፡ ባህ ይብሎ። …እቲ ሓያል ዓብዪ ነገር ገይሩለይ እዩ …ንጥሙያት ብጽቡቕ ነገር ኣጽገቦም፡ ንሃብታማትውን ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።ሉቃ 1፣ 46-47,49, 53
- እዚ መስኪን እዚ ኣእወየ፣ እግዚኣብሄርውን ሰምዖ፣ ካብ ኵሉ ጸበባኡ ኣድሐኖ። መዝ 34 ፣6
- ጠምዮም፣ ጸሚኦም፣ ነፍሶም ሰልከየት። ሽዑ ብመከራኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ፣ ንሱውን ካብ ጸበባኦም ኣናገፎም። ናብ ዚነብሩላ ዓዲ ኺበጽሑስ፣ ብቕኑዕ መገዲ መርሖም። ንጽምእቲ ነፍሲ አጽጊብዋ፣ ንጥምይቲ ነፍሲ ብሰናይ መሊእዋ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ስለ ሳህሉን፣ ስለቲ ንደቂ ሰብ ዝገበሮ ተኣምራቱን የመስግንዎ። መዝ 107፣ 5-9
- ዎ ኣምላኽ፣ ብለውሃትካ ንመሳኺን ኣዳሎኻሎም። መዝ 68፣ 10

❖ ኣብ ሃብትና [ ብሰናይ ነገር ሃብታም እየ ኢልና ምሕሳብ] እንተ ተወከልና ግና ኣብ መወዳእታ ሃብትና ትርጉም ዘይብሉ ምኳኑ ክርድኣና እዩ።

- ኣቱም ሃብታማት ግን፡ ሐጐስኩም ወዲእኩም ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም' ኣቱም ጽጉባት፡ ክትጠምዩ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። ኣቱም ሕጂ እትስሕቁ፡ ክትበኽዩ ክትሐዝኑን ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። ሉቃ 6፣ 24—25
- ብሃብቱ ዚእመን ይወድቕ፡ ጻድቃን ግና ከም ቈጽሊ ይልምልሙ። ምሳ 11 ፣ 28
- ጻድቃን ከኣ ነዚ ርእዮም ይፈርሁ እሞ፣ እንሆ፣ እቲ ብብዝሒ ሃብቱ ተወኪሉስ፣ ብኽፍኣቱ ዝበርትዔ እምበር፣ ንኣምላኽሲ ሓይሉ ዘይገበሮ ሰብኣይ እዚ እዩ፣ እናበሉ ኺስሕቅዎ እዮም። መዝ 52፣ 7
- ብግብርኽን ብሃብትኽን ተኣሚንኪ ኢኺ እሞ፡ ስለዚ ንስኺ ድማ ክትተሐዚ ኢኺ። ኤር 48 ፣7
- ኣቱም ሃብታማት፡ እስኪ ሕጂኸ በቲ ዚመጸኩም ዘሎ መግደራ ዋይ ዋይ እናበልኩም ብኽዩ። ሃብትኹም መሽሚሹ፡ ንኽዳውንትኹምውን ብልዒ በሊዕዎ። ያቆ 5 ፣1-2
- ገለ ዜብሉስ ንርእሱ ሃብታም ዜምስል ኣሎ፡ ብዙሕ ገንዘብ ከለዎስ፡ ንርእሱ ድኻ ዜምስል ኣሎ። ምሳ 13 ፣7

## 18 ምድሓን እግዚኣብሄር ንኹሉ ተዳሊዩ ኣሎ

❖ ምድሓን እግዚኣብሄር ንኹሉና ተዳሊዩ እዩ ዘሎ ዋላውን ዝኸፍአ [ ዘፍርሕ] ነገር ንግበር እግዚኣብሄር ንሕና ክንድሕን ፍታዉ እዩ።
- ወንጌል ቅድም ንኣይሁዳዊ ኸምኡውን ንጽርኣዊ፡ ንዚኣምን ዘበለ ዅሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ እሞ፡ ብወንጌል ኣይሐፍርን እየ። … እቲ ጽድቂ ኣምላኽ ካብ እምነት ናብ እምነት ብእኡ ይገሃድ እዩ። ሮሜ 1 ፥16-17
- ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኹሉ ኺድሕን እዩ። ዩኤ 2:32
- እግዚኣብሄር ንነፍሲ ባሮቱ ይብጀወን፣ ካብቶም ኣብኡ ዜዕቁቡ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይኰነንን እዩ። መዝ 34፣ 22
- ዎ እግዚኣብሄር፣ ሕያዋይን ንይቕሬታ ድልውን ኢኻ፣ ናባኻ ንዜእውዩ ዅላቶም ከኣ ብዓል ዓብዪ ምሕረት ኢኻ እሞ፣ መዝ 86 ፥5
- ኣነ ግና ናብ ኣምላኽ እምህለል ኣሎኹ፣ ጐይታውን የድሕነኒ እዩ። መዝ 55፣ 16
- ዝጸምኤ ኸኣ ይምጻእ፡ ዝደለየውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ። ራእ 22፣ 17
- ጐይታስ፡ ኵላቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር፡ ሐደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝድንጒ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጒዮን እዩ። 2ጴጥ 3፣ 9
- እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ዅሉ ሰብ ኪድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂውን ኪመጽእ ዚፈቱ እግዚኣብሄር መድሓኒና ጽቡቕን ቅቡልን እዩ። 1ጢሞ 2 ፥3-4

❖ እቲ ሓቂ ኩሉ ሓጢኣት ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ኩፉእ ምዄኑ እዩ። እንተኾነ ግን ናብኡ እንተ ተመለስና ይቕረ ይብለልና እዩ። እግዚኣብሄር ይቕረ ዘይብሎ ሓጢኣት እንተሎ ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ጥራይ እዩ። እዚ ማለት ንእግዚኣብሄር ነቲ ኣብ ዘመንና ኩሉ ብየሱስ ክንኣምን ዝብል ትእዛዙ ብዘይምእዛዝ ሓሳዊ ክንገብሮ ከለና ማለት እዩ።
- ንደቂ ሰብ ኵሉ ሓጢኣትን ዝጸረፍዎ ዘበለ ጸርፍን ኪሕደገሎም እዩ። እቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ሓጢያቱ ንዘለኣለም ይዅንኖ እምበር፡ ንዘለኣለም ሕድገት ከም ዘይረክብ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። ማር 3፣28-29
- ምስናይዚ እዚ ዅሉ መሊሶም በደሉ፣ ብተኣምራቱ ኸኣ ኣይአመኑን። መዝ 78 ፣ 32
- ብትእዛዝ እቲ ናይ ዘለኣለም ኣምላኽ ንምእዛዝ እምነት ሮሜ 16፣26
- ከምቲ ንሱ ዝሀበና ትእዛዝ ጌርና፡ ብስም ወዱ የሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ንሓድሕድናውን ክንፋቐር፡ ትእዛዙ እዚ እዩ። 1 የሃ 3 ፥23

- ተነስሑ ብወንጌልውን እመኑ፡ ማር 1፣15
- እቲ ንኣምላኽ ዘይኣምን፡ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር ስለ ዘይኣመኖ፡ ንእኡ ሓሳዊ ገይርዎ አሎ። ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሀበና፡ እቲ ምስክር እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ አላ። 1 የሃ 5 ፣10-11
- ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ። ሓጢኣት ኣይገበርናን፡ እንተ በልና፡ ሓሳዊ ንገብሮ፡ ቃሉውን ኣባና የሎን።1የሃ 1፣ 9-10
- ብወዲ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ፡ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፡ ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ። የሃ 3 ፣36

❖ ብዘዕባ ሓጢኣትና በደልን ጣዕሳን እንተ ተሰምዐና፣ እንተተኣመንና ወይ እንተተመለስና እዚ ከድሕነና ኣይክእልን እዩ።

- ሽዑ ይሁዳ፡ እቲ ዘትሐዞ፡ ተፈሪድዎ ምስ ረኣየ፡ ተጣዕሰ እሞ፡ ንጹህ ደም ኣሕሊፈ ብምሃበይ በደልኩ፡ ኢሉ ነቲ ሰላሳ ቕርሺ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናት ዓበይቲ ህዝብን መለሶ። ...ንሱ ነቲ ኣቕራሽ ኣብ ቤተ መቕደስ ደርብይዎ ወጸ፡ ከይዱውን ተሐንቀ። ማቲ 27፣ 3-5
- ማለት፥ ኣሂ ኸም ፍቓድ ኣምላኽሲ ንምድሓን ዚኸውን ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ የምጽእ፡ ጓሂ ዓለም ግና ሞት እዩ ዜምጽእ። 2ቆሮ 7 ፣10

❖ እቲ ሓቀኛ ንስሓ ማለት ሓጢኣተኛ ምኻንካ ምፍላጥን ብየሱስ ክርስቶስ ኣሚንካ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምምላስን እዩ።

- ንሞት ረሲእዶ እፈቱ እየ ፍታወይሲ ካብ መገዱ ኺምለስ፣ ብህይወት ከኣ ኪነብርዶ ግዳ ኣይኰነን ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ህዝ 18፣ 23
- እምብኣርሲ ሕጂውን ...ብምሉእ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፣ ይብል እግዚኣብሄር። ዩኤ 2 ፣12
- መገድኻ ንእግዚኣብሄር ኣማዕቍቦ፣ ኣብኡ ተወከል፣ ንሱውን ኬስልጠልን እዩ። መዝ 37፣ 5
- ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኬስተውዕልወን፡ ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፥ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉታት ኪትንስእ፡ ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ኪስበኽ፡ ጽሑፍ እዩ። ሉቃ 24፣ 45-47

❖ እቲ ጥዑም ብስራት ቀሊል እዩ። ብስራሕና [ ናትና ግብሪ] ወይ ብናትና ጻዕሪ ክንድሕን ብዝኾነ ይኹን ኣይከኣልን እዩ። ባዕሉ ብዝሰርሖ ግብርን ብሰናዩን ኣምላኽ ብፍቕሩ ባዕሉ ምሉእ ምድሓን ኣዳሊዩልና። ክንድሕን ምስ እንደሊ ፣ ሓጢኣተኛ ምኳንና ምፍላጥ፣ በቲ ምእንታና ኪብል ዝሞተን ዝተንሰኣን የሱስ ምእማን፣ ናይ መድሓን ነጻ ሂያብ ኪበና ኪንሓቶ ምጸዋዕና እዩ።

- ዎ ኣምላኽ፣ ከም ሳህልኻ ምሐረኒ፣ ከምቲ ዓብዪ ርሕራሔኻ ኣበሳይ ደምስስ። ካብ ኣበሳይ ኣጸቢቕካ ሕጸበኒ፣ ካብ ሓጢኣተይውን ኣጽርየኒ። ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ እሎኹ እሞ፣ ሓጢኣተይ ኩሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። መዝ 51፣ 1-3
- ናብ ግዳም ኣውጺኡ ኸኣ፡ ጐይተተይ፡ ምእንቲ ኽድሕንሲ፡ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ብጐይታና የሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም፡ በልዎ። ግብ 16 ፣30-31
- ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ። ሮሜ 10፣ 9
- እምበኣርከ ንስኻትኩም እኳ፡ ክፉኣት ክነስኹም፡ ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዚልምንዎ ኽንደይ ኣብዚሑ ጽቡቕ ዘይህቦም። ማቴ 7 ፣11

❖ ንሕና እንተደኣ ብሓቂ እሚንና ካብ ኩሉ ክስን ሕፍረትን ነጻ ኢና። እዚ ዓቢ ሓጎስ ንኽህልወና ሓደ ምክንያት እዩ።

- ኣነ ኣበሳኦም ይቕረ ኽብለሎም፡ ሓጢኣቶም ድማ ድሕርዚ ኣይክዝክርን እየ። ኤር 31፣ 34
- ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ። መዝ 103፣ 12
- እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ። ሮሜ 10 ፣11
- እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን። ሮሜ 8፣ 1
- ነዚ ኸይርኤኩምዎ እተፍቅርዎ፡ ሕጂውን ከይርኤኹምዎ ብእኡ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ነቲ መደምደምታ እምነትኩም፡ ንሱ ድማ ምድሓን ንፍሳትኩም፡ ምስ ረኸብኩምዎ፡ ብዘይንገርን ክቡርን ሓጐስ ትሕጐሱ ኢኹም። 1ጵጥ 1 ፣ 8-9

❖ እግዚኣብሄር ኩሉ ዝፈልጥን ሓያልን ስለ ዝኾነ ኣብ ቃሉ ዝበለና ክንፈልጥ ግዜ ከነሕልፍ ኣለና። ቃል ኣምላኽ ምምሃር ጽቡቕ ጌርካ ንእግዚኣብሄር ከም እትፈልጥን ከም እትዓብን ካብ ጉጉይ ትምህርቲ ከምእትእለን ይገብረካ።

- ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረኸ፣ ብቓልካ ባህ ይብለኒ ኣሎ። መዝ 119፣ 162
- ካብ ትእዛዝ ከናፍሩ ኣይዘንበልኩን፡ ካብ መዝገበይ ኣብሊጸ ንቓል ኣፉ ሓሎኽዎ። እዮ 23፣ 12

- የሱስ ከኣ ፥ መጻሕፍቲ ኾነ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩም ደይኮንኩምን እትስሕቱ ዘሎኹም፧ ማር 12፣ 24
- ንስጉምተይ ኣብ ቃልካ ኣጽንዓዮ። መዝ 119 ፣ 133
- ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ኽትዓብዩ፡ ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዜብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ። 1 ጴጥ 2፣ 2

❖ እቲ ዝበለጸ ምንጪ ንምትርጋም መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ከምኡውን  እቲ ኣብ ነፍሲወከፍ ሓቀኛ ኣማኒ ዝነብር እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ቃሉ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኪምህረና ይኽእል እዩ።

- እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ዅሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘኪረኩም እዩ። ዮሃ14 ፣ 26
- ንስኻትኩምሲ፡ ከምቲ ቕብኣት ብዛዕባ ዅሉ ዚምህረኩም ዘሎ፡ ሓቂውን እዩ፡ ሓሶት ኣይኮነን፡ እሞ ኸምቲ ንሱ ዝመሀረኩም ኴንኩም፡ ኣብኡ ኽትነብሩ ኢኹም። እምብኣርከ እቲ ኻብኡ እተቐበልኩምዎ ቕብኣት ኣባኻትኩም ይነብር አሎ እሞ፡ ሓደ እኳ ኺምህረኩም ኣየድልየኩምን እዩ። 1 የሃ 2 ፣ 27
- ሓደ ኻባኻትኩም ጥበብ እንተ ጐደሎ ግና፡ ነቲ ኺየስተሐፈረ ንዅሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ፡ ኪውህቦውን እዩ። ያቆ 1፣ 5
- ኣምላኽውን ነቲ ቕኑዕ ኣገባቡ ኣፍሊጥዎን ምሂርዎን እዩ። ኢሳ 28 ፣ 26